Libretto di preghiere
in lingua tigrigna
1918

TIPOGRAFIA FRANCESCANA

MISSIONE CATTOLICA

ASMARA (Colonia Eritrea)

ንኡስ ፡ መጽሐፈ ፡ ጸሎት ።

በኃልዮ ፡ ምሥዮን ፡ ካቶሊክ ።

TIPOGRAFIA FRANCESCANA
MISSIONE CATTOLICA
ASMARA (Colonia Eritrea)

አሥመራ ፡
በማኅተም ፡ ካቶሊካውያን ።
፲፱፻፳ ።

Libretto di preghiere in lingua tigrigna

1918

TIPOGRAFIA FRANCESCANA

MISSIONE CATTOLICA

ASMARA (Colonia Eritrea)

ንኡስ ፡ መጽሐፈ ፡ ጸሎት ።

በኃልዮ ፡ ምሥዮን ፡ ካቶሊክ ።

TIPOGRAFIA FRANCESCANA
MISSIONE CATTOLICA
ASMARA (Colonia Eritrea)

አሥመራ ፡
በማኅተም ፡ ካቶሊካውያን ።
፲፱፻፳ ።

Visto, approviamo: concedendo, e confermando le indulgenze notate.

Asmara, 12 Marzo 1928.

† CELESTINO CATTANEO, *Vic. Ap.*

11095.18.

Tip. Francescana — Asmara.

NAZIONALE FIRENZE

ናይ ፡ ንጋሆን ፡
ናይ ፡ ምሸትን ፡ ጸሎት ።

በስመ ፡ አብ ፡ ወወልድ ፡ ወመን
ፈስ ፡ ቅዱስ ፡ አሐዱ ፡ አምላክ ፡ አ
ሜን ። (፯ ፡ መ ፡ ሥሬት ።)

አአምላክይ ፡ እሰግደልካ ፡ አሎኹ ፡
ብፍጹም ፡ ልበይ ፡ እውን ፡ እፈትወ
ካ ፡ አሎኹ ፡ ክንድ ፡ ዝፈጠርካኒ ፡ ክ
ርስቲያን ፡ ክንድ ፡ ዝገበርካኒ ፡ ብ
ዛ ፡ ለይቲ ፡ እዚእ ፡ (ብዛ ፡ መዓልቲ ፡
እዚእ) ክንድ ፡ ዝኃለኻኒ ፡ አመስግ
ነካ ፡ አሎኹ ፡ ንኺሉው ፡ ሥራሒይ ፡
አቅርበልካ ፡ አሎኹ ፡ ብዛ ፡ መዓል

ቲ፡ እዚ.ኣ፡ (ብዛ፡ ለይቲ፡ እዚ.ኣ፡) እንካብ፡ ኃጢ.ኣት፡ ክትሕልወኒ፡ እንካብ፡ ኪ.ሰው፡ ክፉእ፡ ከአ፡ ክተድኅነኒ፡ እልምነካ፡ አሎኹ።

አቦና፡ አብ፡ ሰማይ፡ እትነብር፤ ስምካ፡ ይመስገን፤ መንግሥትኻ፡ ይምጻእ፤ ፍቃድካ፡ አብ፡ ሰማይ፡ ከምዝኾውን፡ ከማኡ፡ አብ፡ ምድሪ፡ ይኹን።

ምግብ፡ ዕለትና፡ ሎም፡ ሃበና፤ ዝበደልናካ፡ ይቅረ፡ በለልና፤ ንሕናውን፡ ንዝበደለና፡ ይቅረ፡ ከምንብል፡ ናብ፡ ፈተና፡ አይተእትወና፡ እንካብ፡ ክፉእ፡ ደእ፡ አድኅነና፡ አሜን።

ሰላም ፡ ንኣኺ ፡ ኣማርያም ፡ ጸጋ ፡ ዝመልኣኺ ፡ እግዚኣብሔር ፡ ምሳኺ ፡ እዩ ፡ እንካብ ፡ ኣንስቲ ፡ እተባረኽኪ ፡ ኢኺ ፡ ናይ ፡ ከርሥኺ ፡ ፍሬ ፡ ኢየሱስ ፡ ከዓ ፡ እተባረኸ ፡ እዩ ።

ቅድስት ፡ ማርያም ፡ እኖ ፡ ኣምላኽ ፡ ለምንልና ፡ ነኣና ፡ ንኃጥኣን ፡ ሄዚን ፡ ብጊዜ ፡ ሞትናን ፡ ኣሜን ።

ስብሐት ፡ ንኣብን ፡ ንወልድን ፡ ንመንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ ይኹን ፡ ጥንቲ ፡ ከምዝነበረ ፡ ሄዚ ፡ ከዓ ፡ ንወትሩን ፡ ንዘለዓለም ፡ ዓለምን ፡ ኣሜን ።

(፲ ፡ መ ፡)

ጸሎተ ፡ ሃይማኖት ፡ ሐዋርያት ፡ ዝደረስዎ ። እኣምን ፡ ብእግዚኣብሔር ፡

ኣብ ፡ ኲሉ ፡ ዝኽእል ፡ ሰማይን ፡ ምድርን ፡ ዝፈጠረ ፡ ብኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ እውን ፡ ሓደ ፡ ወዱ ፡ ጐይታና ፡ ንሱ ፡ ብመንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ተፀንሰ ፡ እንክብ ፡ ድንግል ፡ ማርያም ፡ ተወልደ ፡ ሐመመ ፡ ብትሕት ፡ ምልጣኑ ፡ ንጲላጦስ ፡ ጴንጤናዊ ፡ ተሰቅለ ፡ ሞተ ፡ ተቀብረ ፡ ናብ ፡ ሲኦል ፡ ወረደ ፡ ብሣልሳይ ፡ መዓልቲ ፡ እንክብ ፡ ሞት ፡ ተንሥአ ። ናብ ፡ ሰማይ ፡ ወሰኤ ፡ ኣብ ፡ የማን ፡ ኲሉ ፡ ዝኽእል ፡ እግዚአብሔር ፡ ኣብ ፡ ተቀመጠ ። ደጊሩ ፡ እውን ፡ ንዘለዉን ፡ ንዝሞቱን ፡ ኪፈርድ ፡ ይመጽእ ። ኣእምን ፡ ብመንፈስ ፡ ቅዱስ ። ቅድስት ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ካቶሊካዊት ፡ ና

ይ ፡ ቅዱሳን ፡ ሱታፌ ። ናይ ፡ ኀጢ
አት ፡ ምሕረት ። ናይ ፡ ሥጋ ፡ ት
ንሣኤ ። ናይ ፡ ዘለዓለም ፡ ሕይወት ።
አሜን ።

ናይ ፡ ሃይማኖት ፡ ምራሕ ።

(፲ ፡ ፯ ፡)

እእምላኽይ ፡ ዘይትሰሐሐት ፡ እኑ
ተይና ፡ መምህራ ፡ ንስኻ ፡ ኢኻ ፡ እ
ሞ ፡ ሐንቲ ፡ ቅድስቲ ካቶሊካዊት ፡
ሐዋርያዊት ፡ ሮማዊት ፡ ቤተ ፡ ክርስ
ቲያን ፡ እተአምሮ ፡ ኪሰው ፡ ብሰኑሰ ፡
ልቢ ፡ እኣምን ፡ እሎኹ ።

ናይ ፡ ተስፋ ፡ ምራሕ ።

እእምላኽይ ፡ ናትካ ፡ ቃል ፡ እኑ
ተይና ፡ እዩሞ ፡ ምእንት ፡ ናይ ፡ ኢ

የሱስ፡ክርስቶስ፡ትሩፋት፡አብዙ፡ ዓለምዙይ፡ጸጋኻ፡ክምትሀበኒ፡ብ ናትካውን፡ሥርዓት፡እንተነበርኩ፡ ብዚ፡መጽእ፡ዓለም፡ናይ፡ዘለዓለም፡ ሕይወት፡ክምትሀበኒ፡ብዕኑዕ፡ል ቢ፡ተስፋ፡እገብር፡አሎኹ።

ናይ፡ፍቅር፡ሥራሕ።

ኦአምላኽይ፡ፍጹም፡ሕያዋይ፡ ኢኻሞ፡መወዳእታውን፡ብዘይብ ሉ፡እትፍቶ፡ኢኻሞ፡ብፍጹም፡ል ቢ፡እፈትወካ፡ምእንታኻውን፡ንሰ ብ፡ኪለው፡ክም፡ነፍሰይ፡እፈቶ።

ናይ፡ንስሓ፡ሥራሕ።

ኦአምላኽይ፡እንካብ፡ኪለው፡ ሕያዋይ፡ኢኻ፡ብውስጢ፡ልበይ፡

እፈትወካ፡ንኃጢአት፡እውን፡እት
ጸልእ፡ኢ፟ኻእሞ፡አብ፡ልዕል፡ኪለ
ሙ፡በኃጢአተይ፡አኃዝን፡ናብ፡
ካልእ፡ኃጢአት፡ከኸይድ፡አይፈ
ቁን፡እንከብ፡ናይ፡ኃጢአት፡ም
ኽንያት፡ክርኅቅ፡ብጸጋኻ፡ጽኑዕ፡
ፈቃድ፡እገብር፡አሎኹ።

ሰላም፡ነአኺ፡እንግሥት፡እእ
ኖ፡ምሕረት። አሕይወትናን፡ታሕ
ጓስናን፡ተስፋናን፡ሰላም፡ንእኺ፡
ንሕና፡ስደተይናታት፡ደቂ፡ሔዋ
ን፡ናብኺ፡ደግ፡ንጸንዕ፡አሎና፡
አብዚ፡ናይ፡ንብአት፡ቈላ፡ክይ
ንና፡እናበኸናን፡እናነባዕናን፡ናብ
ኺ፡ንምሕጸን፡አሎና፡ሆየ፡ደጊ

ምስ ፡ አብበቓና ፡ ንተን ፡ ቢሕፉሐ
ት ፡ አዒንትኪ ፡ ናባና ፡ ምለሲ ፡ ድ
ሕሪዚ ፡ ስደት ፡ እዙይውን ፡ ንቡሩ
ክ ፡ ፍሬ ፡ ከርሥኪ ፡ ኢየሱስ ፡ አር
እዩና ፡ አርሕርሕቲ ፡ አመሓሪት ፡ አ
ጥዕምቲ ፡ ድንግል ፡ ማርያም ።

፩ ፡ መ።)

አማርያም ፡ ብዘይ ፡ ኃጢአት ፡ አ
ዳም ፡ እተፀነስኪ ፡ ለምንልና ፡ ንአ
ና ፡ ናባኪ ፡ ድጉ ፡ ኢንጸንዕ ፡ ዘሎና ።

(፩ ፡ መ ።)

እምላኽ ፡ ብሕያውነቱ ፡ ክትሕል
ወና ፡ ዝዘበና ፡ አናይ ፡ እግዚአብሔ
ር ፡ መልአኽ ፡ ብዘ ፡ መዓልቲ ፡ እዚ
አ ፡ ብዘ ፡ ለይቲ ፡ እዚአ ፡ አብርሃና ፡
ሐልወና ፡ ርድአና ፡ ምርሓና ፡ አሜን ።

(፩ ፡ መ ።)

ኦጐይታይ ፡ ዘለዓለማዊ ፡ ዕረፍቲ ፡ ሀበም ፡ ዘለዓለማዊ ፡ ብርሃን ፡ አውን ፡ ኣብርሃሎም ፡ ብሰላም ፡ ይዕረፉ ፡ አሜን ። ፳፱ ፡ መ ።)

አቡነ ፡ ዘበሰማያት ፡ ይትቀደስ ፡ ስምከ ፡ ትምጻእ ፡ መንግሥትከ ፡ ወይኩን ፡ ፈቃድከ ፡ በከመ ፡ በሰማይ ፡ ከማሁ ፡ በምድር ፡ ሲሳየነ ፡ ዘለለዕለትነ ፡ ሀበነ ፡ ዮም ፡ ኅድግ ፡ ለነ ፡ አበሳነ ፡ ወጌጋየነ ፡ ከም ፡ ንሕነኒ ፡ ንኅድግ ፡ ለዘአበሰ ፡ ለነ ፡ ኢታብአነ ፡ እግዚኦ ፡ ውስተ ፡ መንሱት ፡ አላ ፡ አድኅነነ ፡ ወባልሐነ ፡ እምኵሉ ፡ እኩይ ፡ እስመ ፡ ዚአከ ፡ ይእቲ ፡ መንግሥት ፡ ኃይል ፡ ወስብሐት ፡ ለዓለመ ፡ ዓለም ፡ አሜን ።

በሰላመ፡ ቅዱስ፡ ገብርኤል፡ መልአክ። እግዝእትነ፡ ማርያም፡ ሰላም፡ ለኪ፡ ድንግል፡ በኅሊናኪ፡ ወድንግል፡ በሥጋኪ፡ እመ፡ እግዚአብሔር፡ ፀባዖት፡ ሰላም፡ ለኪ፡ ቡርክት፡ አንቲ፡ እም፡ አንስት፡ ወቡሩክ፡ ፍሬ፡ ከርስኪ። ተፈሥሒ፡ ፍሥሕት፡ አምልእተ፡ ጸጋ፡ እግዚአብሔር፡ ምስሌኪ፡ ሰአሊ፡ ወጸልዪ፡ ኀበ፡ ፍቁር፡ ወልድኪ፡ ኢየሱስ፡ ክርስቶስ፡ ከመ፡ ይሥረይ፡ ለነ፡ ኃጣውኢነ፡ ይእዜ፡ ወበጊዜ፡ ሞትነ። አሜን።

ኦማርያም፡ ዘተፀነስኪ፡ እንበለ፡ ይብጻሕ፡ ብኪ፡ ኃጢአተ፡ አዳም፡ ሰአሊ፡ ለነ፡ ለዘንጸንሐኪ። (፫፡ መ።)

ስብሐት፡ ለአብ፡ ስብሐት፡ ለወል
ድ፡ ስብሐት፡ ለመንፈስ፡ ቅዱስ፡ ኵ
ሉ፡ ጊዜ፡ ለዓለም፡ ወለዓለመ፡ ዓ
ለም። አሜን። (፶፡ መ።)

እትአመን፡ ኃጢአትየ፡ ለእግዚአ
ብሔር፡ ከሃሌ፡ ኵሉ፡ ወለብፅዕት፡
ማርያም፡ ድንግል፡ እንተ፡ ዘልፍ፡
ለብፁዕ፡ ሚካኤል፡ ሊቀ፡ መላእክ
ት፡ ለብፁዕ፡ ዮሐንስ፡ መጥምቅ፡ ለ
ብፁዓን፡ ሐዋርያት፡ ጴጥሮስ፡ ወጳ
ውሎስ፡ ለኵሉም፡ ቅዱሳን፡ ወለከ፡
ለአቡየ፡ እስመ፡ አበስኩ፡ ጥቀ፡ ብ
ዙኀ፡ በኀልዮ፡ በነቢብ፡ ወበገቢር፡
በእከይየ፡ በእከይየ፡ ወበዓቢይ፡ እከ
ይየ። ወበእንተዝ፡ እጼሊ፡ ኀበ፡ ብ

ፅፅት ፡ ማርያም ፡ ድንግል ፡ እንተ ፡ ዘልፍ ፡ ኀበ ፡ ብፁዕ ፡ ሚካኤል ፡ ሊቀ ፡ መላእክት ፡ ኀበ ፡ ብፁዕ ፡ ዮሐንስ ፡ መጥምቅ ፡ ኀበ ፡ ብፁዓን ፡ ሐዋርያት ፡ ጴጥሮስ ፡ ወጳውሎስ ፡ ኀበ ፡ ኵሎሙ ፡ ቅዱሳን ፡ ወኀቤከ ፡ ለአቡየ ፡ ከመ ፡ ትስአሉ ፡ ሥረተ ፡ እምኀበ ፡ እግዚአብሔር ፡ አምላክነ ።

ይ ፡ ካ ፡ መልአከ ፡ እግዚአብሔር ፡ አብሰራ ፡ ለማርያም ።

ይ ፡ ሕ ፡ ወፀንሰት ፡ እመንፈስ ፡ ቅዱስ ።

ይ ፡ ካ ፡ በሰላመ ፡ ቅዱስ ፡ ገብርኤል ፡ ...

ይ ፡ ሕ ፡ ተፈሥሒ ፡ ፍሥሕት ፡

ይ ፡ ካ ፡ ወትቤ ፡ ማርያም ፡ ነየ ፡ ዓመቱ ፡ ለእግዚአብሔር ።

ይ ፡ ሕ ፡ ይኩነኒ ፡ በከመ ፡ ትቤለኒ ።

ይ ፡ ካ ፡ በሰላ ፡ ገብር ፡ መልአክ ፡

ይ ፡ ሕ ፡ ተፈሥሒ ፡ .....

ይ ፡ ካ ፡ ቃል ፡ ሥጋ ፡ ኮነ ።

ይ ፡ ሕ ፡ ወኀደረ ፡ ላዕሌነ ።

ይ ፡ ካ ፡ በሰላ ፡ ገብር ፡ መልአክ ፡

ይ ፡ ሕ ፡ ተፈሥሒ ፡ .....

ይ ፡ ካ ፡ ኦቅድስት ፡ ማርያም ፡ ወላዲተ ፡ አምላክ ፡ ሰአሊ ፡ ለነ ።

ይ ፡ ሕ ፡ ከመ ፡ ንኩን ፡ ድልዋነ ፡ ለዘአሰፈወነ ፡ ክርስቶስ ።

ይ ፡ ካ ፡ ንጸሊ ።

ንስእለከ ፡ ኦእግዚኦ ፡ ከሀው ፡ ለ

ን ፣ ጸጋከ ፣ በውሳጤ ፣ ልብነ ፣ ከመ ፣ ንርከብ ፣ ክብረ ፣ ዘለዓለም ፣ ንሕነ ፣ እለ ፣ አእመርነ ፣ በቃለ ፣ መልአክከ ፣ ተሰግዎቶ ፣ ለክርስቶስ ፣ ወልድከ ፣ በሕማሙ ፣ ወበመስቀሉ ፣ ንብጻሕ ፣ ኀበ ፣ ትንሣኤ ፣ ስብሐት ፣ በውእቱ ፣ ክርስቶስ ፣ እግዚእነ ።

ይ ፣ ሕ ፣ አሜን ። (ደ ፡ መ ፡፡)

እንኳዕ ፡ ትንሣኤ ፡ ክሱብ ፡ ብዓል ፡ ኃም ሳ ፡ ግን ፡ አብ ፡ ክንዲ ፡ መልአክ ፡ እግዚአብ ሔር ፡፡)

ይ ፣ ካ ፣ ተፈሥሒ ፣ እንግሥተ ፣ ሰማይ ፣ ሃሌ ፣ ሉያ ።

ይ ፣ ሕ ፣ እስመ ፣ ዘፆለወኪ ፣ ት ፀርዮ ፣ ሃሌ ፣ ሉያ ።

ይ ፡ ካ ፡ በከመ ፡ ይቤ ፡ ተንሥአ ፡ ሃሌ ፡ ሉያ ።

ይ ፡ ሕ ፡ ሰአሊ ፡ ለነ ፡ እመ ፡ አምላክ ፡ ሃሌ ፡ ሉያ ።

ይ ፡ ካ ፡ ተፈሥሒ ፡ ወተሐሠዪ ፡ ድንግል ፡ ማርያም ፡ ሃሌ ፡ ሉያ ።

ይ ፡ ሕ ፡ እስመ ፡ ተንሥአ ፡ እግዚእነ ፡ በአማን ፡ ሃሌ ፡ ሉያ ።

ንጸሊ ።

ኦአምላክ ፡ ዘሠመርከ ፡ ከመ ፡ ታስተፍሥሖ ፡ ዓለመ ፡ በትንሣኤሁ ፡ ለወልድከ ፡ እግዚእነ ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ናስተበቍዓከ ፡ ከመ ፡ ትረስየነ ፡ ንርከብ ፡ በእንተ ፡ እሙ ፡ ድንግል ፡ ማርያም ፡ ፍሥሐ ፡ ዘለዓለም ፡ ሕይወ

ት፡ በእንተ፡ እግዚእነ፡ ኢየሱስ፡ ክርስቶስ።

ይ፡ ሕ፡ አሜን። (፪፡ መ፡)

እምዕምቅ፡ ጸዋዕኩከ፡ እግዚኦ።
እግዚኦ፡ ሰምዓኒ፡ ቃልየ።
ወይኩና፡ እዝንከ፡ ዘያጸምዕ፡ ቃለ፡
ስእለትየ።
እመሰ፡ ኃጢአተነ፡ ትትዐቀብ።
እግዚኦ፡ እግዚኦ፡ መኑ፡ ይቀውም።
እስመ፡ እምኀቤከ፡ ውእቱ፡ ሣህል።
በእንተ፡ ስምከ፡ ተሰፈውኩከ፡ እግ
ዚኦ።
ተዐገሠት፡ ነፍስየ፡ በሕግከ።

ተወከለት ፡ ነፍስየ ፡ በእግዚአብሔር ።
እምሰዓተ ፡ ጽባሕ ፡ እስከ ፡ ሌሊት ።
እምሰዓተ ፡ ጽባሕ ፡ ተወከለ ፡ እስራ
ኤል ፡ በእግዚአብሔር ።
እስመ ፡ ኀቤሁ ፡ እግዚአብሔር ፡
ሣህል ።
ወብዙኅ ፡ አድኅኖ ፡ በኀቤሁ ።
ወውእቱ ፡ ያድኅኖ ፡ ለእስራኤል ፡ እ
ም ፡ ኵሉ ፡ ኃጢአቱ ።
ሀበሙ ፡ እግዚአ ፡ ዕረፍተ ፡ ዘለዓለም ።
ወአብርህ ፡ ሎሙ ፡ ብርሃነ ፡ ዘለዓለም ።
ወይኩን ፡ ሎሙ ፡ ዕረፍተ ፡ ሀሰላም ፡
አሜን ።　　(፫ ፡ መ ፡

ቅድም ፡ ብልዒ ።

ኦጐይታይ ፡ አምላኽይ ፡ ንአይ ፡ ባርኸኒ ፡ ነኣኻ ፡ እናገልገልኩ ፡ ምእንቲ ፡ ክነብር ፡ ነዚ ፡ ሄዚ ፡ ክበልዖ ፡ ተቀሪበ ፡ ዘሎኹ ፡ ምግቢ ፡ ከዓ ፡ ባርኽለይ ።

ድኅር ፡ ብልዒ ።

እአምላኽይ ፡ ብዙ ፡ ዝሀብካኒ ፡ ምግቢ ፡ አመስግነካ ፡ አሎኹ ፡ አብ ፡ ሰማያዊ ፡ መእድኽ ፡ ሱታፌ ፡ ከምዝረክብ ፡ እውን ፡ ግበረኒ ።

ቅዳሴ ፤
ክትሰምዕ፡ዝግበር፡ጸሎት ።

ጊዜ ፡ ምጅማር ፡ ቅዳሴ ።

ኣጐይታይ ፡ ኣምላኸይ ፡ ንዚ ፡ ቅዱስ ፡ መስዋዕትዙይ ፡ ንዓብይ ፡ ክብርኻ ፡ ንመንፈሳዊ ፡ ጥቅም ፡ ነፍሰይ ፡ ኣቕርበልካ ፡ ኣሎኹ ፡ ልበይን ፡ ሕሊናይን ፡ ነእኸምበር ፡ ክልእ ፡ ነገር ፡ ዘይሐስበሉ ፡ ጸጋ ፡ ሀበኒ ።

ኣንፍሰይ ፡ ሐሳባትኪ ፡ ኪለው ፡ ኣርኅቂ ፡ ንዝ ፡ ቅዳሴ ፡ ብዓቢዩ ፡ ጥንቃቁ ፡ ክትሰምዕያ ፡ ተሰናደዊ ።

ካህን ፡ ናብ ፡ መንበረ ፡ ታቦት ፡ እንክደይብ ።

እንጉዳጓይ ፡ ኩሉ ፡ ምድሪ ፡ ተመሰግንክ ፡ ንቅዱስ ፡ ስምክውን ፡ ናይ ፡ ምስጋና ፡ ዜማ ፡ ከዝይም ፡ ንአብ ፡ ንወልድ ፡ ንመንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ምስጋና ፡ ይኹን ።

ጊዜ ፡ አቅርቦ ።

እአምላኽይ ፡ አብ ፡ ናይ ፡ እየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ሥጋን ፡ ደምን ፡ ንዝልወጥ ፡ ንዙ ፡ ኅብስትን ፡ ወይንን ፡ ብአይ ፡ ካህን ፡ አቅርበልክ ፡ አሎኹ ፡ ምስእውን ፡ ንድንግሪ ፡ ሄዘ ፡ ናይ ፡ እተቀደሰት ፡ ምግልጋልክ ፡ ውራይ ፡

ዘይከነ ፡ ክልእ ፡ ክይደሊ ፡ ብኻልእ ፡ ንገርሙን ፡ ክይዛረብ ፡ ልበይን ፡ ልሳነይን ፡ አቕርበልካ ፡ እሰግኹ ።

ጊዜ ፡ ጸልዩ ፡ ሊተ ።

ኦጐይታይ ፡ ነዚ ፡ መስዋዕትነዚዩ ፡ ምእንቲ ፡ ናይ ፡ እተቀደሰ ፡ ስምካ ፡ ምስጋናን ፡ ክብርን ፡ ንጥቅመይን ፡ ንጥቕሚ ፡ ቅድስቲ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያንክን ፡ ተቀበል ።

ጊዜ ፡ ስብሐት ።

ክፍቶ ፡ ኪምስጉን ፡ ንዘለዓለምውን ፡ ኪኸብር ፡ ዚግብእ ፡ በይኑ ፡ እግዚአብሔር ፡ እዩሞ ፡ አብ ፡ ላዕሊ ፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ ነሱ ፡ ይኸብር ፡ አብ ፡

ምድርውን ፡ ጽቡቅ ፡ ፍቃድ ፡ ንዘለ
ዎም ፡ ሰባት ፡ ሰላም ፡ ይረድ ።

ጊዜ ፡ ጸሎታት ።

እጉይታይ ፡ ምእንታይ ፡ ቢሉ ፡ እዙ ፡ ካህን ፡ እዙይ ፡ ዘዕርገልካ ፡ ጸሎት ፡ ተቀበል ፡ ሕያዋይ ፡ ክርስቲያን ፡ ኮይኑ ፡ አብ ፡ ሕቍፍ ፡ ቅድስት ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ እናይ ፡ ዝነብረላን ፡ ዝሞተላን ፡ ጸጋ ፡ ሀበኒ ።

ጊዜ ፡ መልእኽቲ ።

እጉይታይ ፡ ቅድስት ፡ ሕግኻ ፡ ዝአዘዘቶ ፡ ነገር ፡ ኪለው ፡ ብእምነት ፡ ዝፍጽመላ ፡ ጸጋ ፡ ሀበኒ ፡ በዚ ፡ ዘለኹዎ ፡ መዓልቲ ፡ ኪለው ፡ ክፈትወ

ካን ፡ ክገልግለካን ፡ ንልበይ ፡ ብቅድ
ስቲ ፡ ፍቅርኻ ፡ እንድደለይ ።

ጊዜ ፡ ወንጌል ።

ኦጐይታይ ፡ አብ ፡ ወንጌል ፡ ዘ
ለዋ ፡ ዓበይቲ ፡ ትምህርቲ ፡ ብገሀድ ፡
እናተናገርኩ ፡ ሕይወተይ ፡ አሕሊፈ ፡
ብምህብኳ ፡ ናይ ፡ ወንጌል ፡ ሃይማ
ኖት ፡ ክእመን ፡ ተሰናድየ ፡ አሎኹ ፡
መለኮታዊት ፡ ፍቃድካ ፡ ክመልእ ፡
እንኪብ ፡ ኃጢአትን ፡ እንኪብ ፡ ኪለ
ው ፡ ናይ ፡ ኃጢአት ፡ ምክንያትን ፡
ክርኅቅ ፡ ጸጋን ፡ ኃይልን ፡ ሀበኒ ።

ጸሎት ፡ ሃይማኖት ።

ነስኻ ፡ እምላኺይ ፡ ዘይትሰሐሐ

ት ፡ እንት ፡ ኢኸሞ ፡ ንቤት ፡ ክርስቲ
ያንክ ፡ ዝገለጽክላ ፡ ትምህርቲ ፡ ኪለ
ሙ ፡ አጽንዒ ፡ አአምን ፡ ምእንትነ
ዪ ፡ እንተይና ፡ ሃይማኖት ፡ ጽንዕት ፡
ተከፋ ፡ እተቃጸለት ፡ ፍቅሬ ፡ እብዝ
ኃለይ ።

ጊዜ ፡ አኰቴት ።

አልበይ ፡ አብ ፡ እግዚአብሔር ፡
ተለዓል ፡ ብኃጢአትክ ፡ ምኽንያት ፡
ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ዝጋዕምሮ ፡ ዘ
ሉ ፡ ሕማማትውን ፡ ሕሳብ ።

ጊዜ ፡ ቅዳሴ ።

እንፍሰይ ፡ በዘ ፡ ጊዜሁይ ፡ ናይ ፡
ሥጋ ፡ ነገር ፡ ንሳብን ፡ ሐልዮን ፡ ኪ

ለው ፡ እንከብኺ ፡ እርኅቂ ፡ ልብኺ ፡
ኪለው ፡ ምስ ፡ ማኅበረ ፡ መላእኽቲ ፡
ሐደ ፡ ገቢርኪ ፡ ምስእቶም ፡ አዚሚ ፡
« ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ ቅዱስ ፡ እግዚአብ
ሔር ፡ ፀባዖት ፡ ምሉዕ ፡ ሰማያተ ፡ ወ
ምድረ ፡ ቅድሳተ ፡ ስብሐቲከ ።

ብጊዜ ፡ ምልዋዋ ፡ ኅብስቲ ።

አሜን ፡ አሜን ፡ አሜን ፡ ነአም
ን ፡ ወንትአመን ፡ ንሴብሐከ ፡ እእግ
ዚእነ ፡ ወእምላክነ ፡ ከመ ፡ ዝንቱ ፡
ውእቱ ፡ በአማን ፡ ሥጋከ ፡ ነአምን ።
(፩ ፡ መ ።

ጊዜ ፡ ምልዋዋ ፡ ፅዋዕ ።

አሜን ፡ አሜን ፡ አሜን ፡ ነአም

ን ፡ ወንትአመን ፡ ንሴብሐከ ፡ እእግ
ዚእን ፡ ወእምላክነ ፡ ከመ ፡ ዝንቱ ፡
ውእቱ ፡ በአማን ፡ ደምከ ፡ ነአምን ።
(፲ ፡ መ ፡፡)

ጊዜ ፡ አቡነ ፡ ዘበሰማያት ።

አኢየሱስይ ፡ በዛ ፡ ዘስተምሀርካ
ኒ ፡ ጸሎት ፡ አመስግነካ ፡ አሎኹ ፡ በ
ታ ፡ እትግብእ ፡ መንፈሳውነትን ፡ ም
ስትውዓልን ፡ ዝደግመላ ፡ ጸጋ ፡ ሀበ
ኒ ፡ ምእንታይ ፡ ቢሉ ፡ እዚ ፡ ካህን ፡
ዝልምነካ ፡ ዘሎውን ፡ ግበረለይ ፡ እ
ንክብ ፡ ኪለው ፡ ንዘለዓለም ፡ አብ ፡
ዘጥፍአኒ ፡ አብ ፡ ሐደ ፡ ዝገደደ ፡ ክ
ፍአት ፡ ዓቢይ ፡ ኃጢአት ፡ ከምዘይ
ወድቅ ፡ ግበረኒ ። አቡነ ፡ ዘበሰማያ
ት ፡ በል ።

ጊዜ ፡ ዝኽረ ፡ ሕያዋን ፡፡

ኦኢየሱስ ፡ ንወለደይ ፡ ንካልኦት ፡
እዝማደይ ፡ ብነፍስን ፡ ብሥጋን ፡ ጽ
ቡቕ ፡ ንዝገብሩለይ ፡ ንፈተውተይ ፡
ንጸላእተይውን ፡ ክትዝክሮም ፡ እል
ምንክ ፡ እሎኹ ፡ እንክብ ፡ ኪለው ፡ ን
ርእሰ ፡ ሊቃነ ፡ ጳጳሳት ፡ ንቤተ ፡ ክር
ስቲያን ፡ ኵላ ፡ ንመንፈሳውያን ፡ ን
ሥጋውያን ፡ ንሹማምቲ ፡ ዘኽብሮም ፡
ሰላም ፡ ስምምዕ ፡ በረኸት ፡ አውርደ
ሎም ፡፡

ጊዜ ፡ ዝኽረ ፡ ሙታን ፡፡

እንዶይታይ ፡ ኣብ ፡ ንስሓ ፡ ብታ ፡ ን
ዘለዋ ፡ ነፍሳት ፡ እንኽብ ፡ ኪለው ፡
ንሰበይ ፡ ብነፍስን ፡ ብሥጋን ፡ ጽቡቕ ፡

ንዝገብሩለይ ፡ ዘክሮም ፡ እንክብ ፡ እቱ ፡ ቅጽዓት ፡ እቱይ ፡ ኢድኅኖም ፡ ንሆሉቶሞሙን ፡ ናይ ፡ ሰማይ ፡ ክብረ ፡ ሀበም ።

ኦኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ጐይታይ ፡ ነዛ ፡ መስኪን ፡ ነፍሰይ ፡ ራሕርሐላ ፡ ጸሎት ፡ ክገብረሎም ፡ ንዘድለዩኒ ፡ ሰብትውን ፡ ራሕርሐሎም ።

ጊዜ ፡ እግዚአ ፡ መሐረነ ፡ ክርስቶስ ።

(ዴድኅር ፡ ካህን ፡ መልስ ።)

እንጸሕ ፡ በጊዕ ፡ ኢየሱስ ፡ ብጸጋኸ ፡ ዚነብሩ ፡ ዚጥዕምዋ ፡ ኡነተኛ ፡ ሰላም ፡ ክንረክብ ፡ ነአዩ ፡ አበኻውን ፡ ምእንቲ ፡ ክምለሱ ፡ ንሰብ ፡ ኪለው ፡ ክትምሕር ፡ እልምነካ ፡ አሎኹ ።

ጊዜ ፡ አእግዚእ ፡ እኩ ፡ ዘይደልወኒ ።

አጐይታይ ፡ ብብዙኅ ፡ ኀጢአተ
ይ ፡ ንስኻ ፡ መጺእካ ፡ አብ ፡ ነፍሰይ ፡
ክትሐድር ፡ አይግብአንን ፡ እንተኾ
ነ ፡ ሐንቲ ፡ ቃል ፡ በይና ፡ ተናገር ፡
ኀጢአተይ ፡ ኪሰው ፡ ይሕደገለይ ፡
እየ ፡ ዝበደልኩኻ ፡ እሞ ፡ ክንደይ ፡
የጒህየኒ ፡ ንድኅር ፡ ሄዚ ፡ ከይብደ
ለካ ፡ ጸጋኻ ፡ ሀበኒ ።

ጊዜ ፡ ምቍራብ ።

አፈታውየይ ፡ ሕያዋይ ፡ ኢየሱስ ፡
ክቡር ፡ አይከአለንን ፡ እሞ ፡ ብፍ
ቅርኻ ፡ ምእንት ፡ ክንብር ፡ ብጸጋኻ ፡
አበይ ፡ ሕደር ።

አእምላኸይ፡ ኣብ፡ ሕያዎት፡ ብ
ጸት፡ ምቅራብ፡ እንተብዛኅኩ፡ እኔ
ውን፡ አጸቢቀ፡ ነፍሰይ፡ ንምድኃን፡
ክከኣለኒ፡ እዩም፡ ብሕልፊ፡ ዝልም
ና፡ ጸጋ፡ እንክብ፡ ክፉኣት፡ ብጸት፡
ርኂቀ፡ ንምንባር፡ እያ።

ብዳኅረምት፡ ጸሎታት።

ኦኢየሱሰይ፡ ምእንታይ፡ ቢልካ፡
ርእስኻ፡ መሰዋዕቲ፡ ክንደዝቐረብካ
ለይ፡ አመሰግነካ፡ እሎኹ፡ እነውን፡
እንክብ፡ ሄዚ፡ ንኣኻ፡ ርእሰይ፡ መ
ሰዋዕቲ፡ ክምዘቕርበልካ፡ ግበረኒ፡
ቅድስት፡ ሕማኻ፡ ምእንት፡ ክናጽ
ም፡ ኪለው፡ ክቕርበልካ፡ ኪለው፡
እውን፡ ክሐድግ፡ ተሰናዲወ፡ ኣሎኹ፡

ድኽም ፡ ሐሩር ፡ ቊሪ ፡ ጥሜት ፡ ጽምኢ ፡ ሞትኳ ፡ እንተኮነ ፡ ኪለው ፡ ብታሕጓስ ፡ እንክብ ፡ ኢድካ ፡ ክቅበሎ ፡ እየ ።

ጊዜ ፡ ቡራኬ ።

አንጎይታይ ፡ ንዙ ፡ ዝገበርክዎ ፡ ጽኑዕ ፡ ፍቓድ ፡ በርኽለይ ፡ ንእዩ ፡ እውን ፡ ብኢድ ፡ ካህን ፡ በርኽኒ ፡ ናይዛ ፡ ቡራኬ ፡ ፍሬውን ፡ ንዘለዓለም ፡ አብ ፡ ርእሰይ ፡ ይንበር ፡ በስመ ፡ አብ ፡ ወወልድ ፡ ወመንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ፩ዱ ፡ አምላክ ፡ አሜን ።

ንፍሰይ ፡ ክቶድሳን ፡ ሥጋ ፡ ዝለበስካ ፡ ዘለዓለማዊ ፡ ቃል ፡ ብውሽጥ ፡

ልበይ ፡ እና ፡ አክበርኩኻ ፡ አሰግደል
ካ ፡ አሎኹ ፡ ናይዛ ፡ ቀዳሴ ፡ እዚኣ ፡
ፍሬ ፡ ዝኀልወሉ ፡ ጸጋ ፡ ሀበኒ ፡ ብተ
ግብኤት ፡ ምስትውዓል ፡ ዘይሰማዕኩ ፡
እንተ ፡ ደኣ ፡ ኮይኑ ፡ እውን ፡ ይቕረ ፡
በለለይ ፡ እንኮብዛ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያ
ን ፡ ክወጽእ ፡ እውን ፡ ዓይነይ ፡ ልሳ
ነይ ፡ ሕዋሳተይ ፡ ኪለው ፡ ምስናይ ፡
ቅዱስ ፡ ወንጌልካ ፡ ትምህርቲ ፡ ንዝ
ጻላእ ፡ ነገር ፡ ኪለው ፡ አጸቢቁ ፡ ክ
ምዚጽየፎ ፡ ግበረለይ ።

ቅድሚ ፡ ኑዛዜ ፡
ዝግበር ፡ ጸሎት ።

ፍጹም ፡ ርኅሩኅ ፡ ፍጹምውን ፡ ኬ
ር ፡ ጐይታይ ፡ ዝኾንካ ፡ ኦኢየሱስ ፡
ክርስቶስ ፡ ኑዛዜይ ፡ ተቀበለለይ ፤ ኦ
ንናይ ፡ ነፍሰይ ፡ ድኅነት ፡ ብሕትኻ ፡
ዝተሰፋይ ፡ ብትሕትናን ፡ ብናይ ፡ ል
ቢ ፡ ቅንዕናን ፡ እብ ፡ ልዕሊ ፡ በደለ
ይ ፡ ኪለው ፤ ለይትን ፡ መዓልትን ፡
ምእንቲ ፡ ክበኪ ፡ ንልበይ ፡ ኃዘን ፤
ነዊንተይ ፡ እውን ፡ ንብዓት ፡ ሀበኒ ፡
ቢለ ፡ እልምንካ ፡ አሎኹ ። ኦጐይታ
ይ ፡ ኦአምላኸይ ፡ ጸሎተይ ፡ ተቀበ

ል ። ንኃጢአተኛታት ፡ ምንእቲ ፡ ክ
ተድኅን ፡ አብ ፡ መስቀል ፡ ንሕማም ፡
ርእሰኻ ፡ አኅሊፍካ ፡ ዝሀብካ ፡ እመ
ድኃኔ ፡ ዓለም ፡ እኬር ፡ ኢየሱስ ፡ ቅ
ዱስ ፡ ስምካ ፡ ናብ ፡ ዝጽውዕ ፡ ዘሎ
ኹ ፡ ናባይ ፡ ናብ ፡ ምስኪን ፡ ኃጢ
አተኛ ፡ ተቋመት ። አባይ ፡ ዘንበርካ
ያ ፡ ክብርቲ ፡ ገንዘብ ፡ ዝኾነት ፡ ነፍ
ሰይ ፡ ክሳብ ፡ እትረስዕ ። አባይ ፡ ና
ብ ፡ ዘሎ ፡ ክፍአት ፡ እይተስተውዕ
ል ። ንስኻ ፡ ነአይ ፡ ክትኰንን ፡ እት
ኽእለሉ ፡ ብዙኅ ፡ ዓቢዩ ፡ ኃጢአት ፡
ብኸም ፡ ገበርኩ ፡ ንስኻ ፡ ንአይ ፡ ን
ምድኃን ፡ እተኅዕፀከ ፡ ኬርነትካ ፡ አ
የቀፋእካን ፡ ደጊም ፡ ከስ ፡ እመድኃ
ንየይ ፡ ይቅረ ፡ በለለይ ። ንኃጢአተ

ኛ ፡ ነፍሰይ ፡ ሥረየላ ። ጽርይትን ፡
ንጽሕትን ፡ ወትሩውን ፡ ድንግል ፡
ብዝኽንት ፡ ብናይ ፡ እኖይ ፡ ማርያ
ምን ፡ ቅዱሳንን ፡ ትሩፋት ፡ አርጓሩጓ ፡
ጐይታይ ፡ ሰናስለይ ፡ ብተኸለይ ።
አቍሳለይ ፡ እውን ፡ አሕይወለይ ፡
ክናዘዞ ፡ ዝግብአኒ ፡ ኃጢአተይ ፡ ኪ
ለው ፡ ክም ፡ ዘሰ ፡ ዝኸስተለይ ፡ ብ
ምሉእን ፡ ምስ ፡ ናይ ፡ ልቢ ፡ ኃዘን
ን ፡ እውን ፡ ንምግላጹ ፡ ዝረድእንን ፡
ዘስተምህረንን ፡ ብርሃንክን ፡ ሐቅኻ
ን ፡ አብ ፡ ነፍሰይ ፡ አፍስሰለይ ። ንዘ
ለዓለሙ ፡ ዓለም ፡ እትነብርን ፡ እትነ
ግሥን ፡ አምላኽ ፡ አሜን ።

ኃጢአትካ ፡ እትምርምረሉ ፡ ጸጋ ፡
ንምልማን ፡ ዝግበር ፡ ጸሎት ።

አአምላኸይ ፡ ብዝግባእ ፡ ምእንቲ ፡
ክናዘዝ ፡ ኀጢኣተይ ፡ አብርሃለይ ። ኃ
ጢያተይ ፡ ኪለው ፡ እውን ፡ ግለጸለ
ይ ፡ ቢለ ፡ እልምንካ ፡ አሎኹ ። ብና
ይ ፡ መድኃኒየይ ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስ
ቶስ ፡ ስምን ፡ ሐላዊተይን ፡ እኖይ
ን ፡ ብዝኸነት ፡ ቅድስቲ ፡ ድንግል ፡
ልመናን ፡ አጽንዔ ፡ እልምንካ ፡ አ
ሎኹ ።

ህጊ ፡ ናይ ፡ እግዚአብሔር ፡ ት
እዛዛትን ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡
ትእዛዛትን ፡ አርእስቲ ፡ ኃጢአትን ፡

ናይ ፡ እነበብራኻን ፡ በብሐደ፡ሐደ ፡ ትምርምር ፡ እብኡ ፡ ኃጢአትካ ፡ ትደሊ ፤ እንኮብ ፡ ዝተናዘዝካሉ ፡ መዓልቲ ፡ ዝሚርካ ፡ ክሳብ ፡ ዘለኻሉ ፡ መዓልቲ ፡ መርሚርካ ፡ ዝረኸብካዮ ፡ ኃጢአትካ ፡ እናሐሰብካ ፡ እብ ፡ ርእሲኡ ፡ ወሲካ ፡ ናይ ፡ ሕይወትካ ፡ ምሉእ ፡ እትፈልጦ ፡ ኃጢአትን ፡ ብዘይ ፡ ተገልጸልካ ፡ ኃጢአትን ፡ ጠቕሊልካ ፡ ብኹሉ ፡ ምኅዛን ፡ እዩ) ።

ጸሎት ፡ ድኅረ ፡ ኑዛዜ ።

አአምላኸይ ፡ እብዚ ፡ ኑዛዜ ፡ እዝየ ፡ ብዘህብክኒ ፡ ጸጋታት ፡ ብአፍ ፡ ካህንካ ፡ ብዝመጽወትካለይ ፡ ዘድኅን ፡ ምኽሪ ፡ አብ ፡ ልበይ ፡ ብዝመለስካለይ ፡ ኪለው ፡ ሕያዋይ ፡ ድላይ ፡ ብዝረኽብክዎ ፡ ናይ ፡ ኃጢአት ፡ ይቅረታ ፡ ሞሳ ፡ እመልሰልካ ፡ አሎኹ ።

አአምላኸይ ፡ ኃጢአት ፡ ከይገብር ፡ ዝገበርኩዎ ፡ ቍርጺ ፡ ፍቓደይ ፡ ባርኽለይ ። አቅደስት ፡ እኖ ፡ አምላክ ፡ ክትሕልውኒ ፡ አባኺ ፡ ርእሰይ ፡ ማኅፀን ፡ አሎኹ ፡ ልመናይ ፡ ስምዒ ፡ እምበር ፡ አይትአበዩዮ ። አሜን ።

ድጓሪ ፡ ኑዛዜ ፡ ዝግበር ። ጸሎት ።

እጐይታይ ፡ ወትሩ ፡ ድንግል ፡ ብዝኸነት ፡ ብናይ ፡ ብፅዕቲ ፡ ማርያም ፡ እኖኻን ፡ ብናይ ፡ ኵላቶም ፡ ቅዱሳንን ፡ ትሩፋት ፡ ኑዛዜይ ፡ አበኻ ፡ ሥምርትን ፡ ቀብልትን ፡ ክትክነለይ ፡ እልምንካ ፡ እሎኹ ። ኦብ ፡ የዋህነት ፡ ከይኑ ፡ አብ ፡ ምልአት ፡ ከይኑ ፡ አብ ፡ ኑዛዜ ፡ ሀገር ፡ ጐዲሉኒ ፡ ዘሎ ፡ ኪሰው ፡ ሕያውነትክን ፡ ምሕረትክን ፡ ይመልኡለይ ። ብምሉእ ፡ ብፍጹምውን ፡ ንመንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ ዘብቅዕ ፡ ፍጥሐት ፡ ረኺበ ፡ ምእንቲ ፡ ክኸውን ፡ ርጓሬኼኻ ፡ ትርአየኒ ። ንዘለዓለመ ፡ ዓለም ፡ እትነብርን ፡ እትነግሥን ፡ አምላኽ ። አሜን ።

ቅድም ።

ቍርባን ፡ ዚግበር ፡ ጸሎት ።

ናይ ፡ ሃይማኖት ፡ ሥራሕ ።

ኣብ ፡ ልዕሊ ፡ ኪለው ፡ ዝኸንከ ፡ ጐይታይ ፡ ኢየሱስ ፡ ብቅዱስ ፡ ቍርባን ፡ ብፍጹም ፡ ኡንት ፡ ኣብዘይ ፡ ከምዘሎኻ ፡ በዚ ፡ ስግደት ፡ ዝግብኦ ፡ ቅዱስ ፡ ምስጢር ፡ እዘይውን ፡ ዝቅበሉ ፡ ሥጋኻ ፡ ደምከ ፡ ንፍስኻ ፡ መለኮትከ ፡ ከምዝኾነ ፡ ብዕኑዕ ፡ ሃይማኖት ፡ ኣኣምን ፡ እሉኹ ።

ናይ ፡ ተስፋ ፡ ሥራሕ ።

እእምላኸይ ፡ ብአኻ ፡ ተስፋ ፡ ዚገብሩ ፡ ኩቶ ፡ ከምዘይሐፍሩ ፡ ቢልካ ፡ እሎኸሞ ፡ ብዝተናገርካዮ ፡ ነገር ፡ ኪለው ፡ ተስፋ ፡ እሎኒ ፡ እብዚ ፡ ምድርሁይ ፡ ምስተመገብኩኻ ፤ ምእንት ፡ ክርእየካ ፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ ንዘለዓለም ፡ ተስፋይን ፡ ብፁዕንተይን ፡ ከምትኾንኒ ፡ ብናይ ፡ ፀጋኻ ፡ ረዲኤት ፡ ተስፋ ፡ እገብር ፡ እሎኹ ።

ናይ ፡ ፍቅሪ ፡ ሥራሕ ።

አመለኮታዊ ፡ መድኃንየይ ፡ ፍጡር ፡ ኪፈልጦ ፡ ብዘይክእል ፡ ፍቅሪ ፡ ፈትኸኒ ፡ እሞ ፡ ናይ ፡ ነፍሰይ ፡ ቀለ

ብ ፡ ክትከውን ፡ ብሽርነትካ ፡ ርእስካ ፡ ሀብክኒ ። ክይፈተኩካ ፡ ምቅማጥስ ፡ እክእልዶ ፡ [7] ብኡነት ፡ እወ ፡ አአምላኸይ ፡ ብፍጹም ፡ ልበይ ፡ እፈትወ ክ ፡ ብቅድስት ፡ ፍቅርኻ ፡ ምእንት ፡ ክነብር ፡ ክመውት እውን ፡ ጸጋኻ ፡ ሀበኒ ።

ናይ ፡ ትሕትና ፡ ሥራሕ ።

አአምላኸይ ፡ ነፍሰይ ፡ ተሐጕሽ ፡ ትደልየካ ፡ አሳ ፡ ቅድስናአ ፡ ብርእሳ ፡ ባዕልኻ ፡ ኢኻም ፡ አብ ፡ ውስጥ ፡ ል በይ ፡ ክትመጽእ ፡ አይግብአንን ፡ እ ንተኮነ ፡ ሐንቲ ፡ ቃል ፡ ብሕቃ ፡ እን ተተናገርካያ ፡ ነፍሰይ ፡ ተሐዩ ።

ናይ ፡ ምድላይ ፡ ሥራሕ ።

ኣእምላኸይ ፡ ነፍሰይ ፡ ተሓጕሽ ፡ ትደልየካ ፡ አላ ፡ ብፅዕናእውን ፡ ንስኻ ፡ ኢኻሞ ፡ ብምሕረትካ ፡ ክትበጽሓ ፡ ፍቶ ፡ ብእኻ ፡ ምእንት ፡ ክነብር ፡ አብይ ፡ ክትሐድር ፡ ምጻእ ።

ድኅሪ ፡ ቍርባን ።

ናይ ፡ ስግደት ፡ ሥራሕ ።

ኦኢየሱሰይ ፡ ምእንት ፡ ናይ ፡ ሰብት ፡ ድኅነት ፡ ከም ፡ ናይ ፡ እግዚአብሔር ፡ በጊዕ ፡ መሥዋዕቲ ፡ ዝኾንካ ፡ እሰግደልካ ፡ አሎኹ ፡ ናተይ ፡ ትሕቲ ፡ ስግደት ፡ ምስ ፡ ናይ ፡ ብዘይ ፡ አዳም ፡ ኃጢአት ፡ እተፀንሠት ፡ እግዝእትና ፡ ማርያምን ፡ ምስ ፡ ናይ ፡ መላእኽትን ፡ ምስ ፡ ናይ ፡ ቅዱሳንን ፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ ዘቅርቡልካ ፡ ምስጋና ፡ እጽንብር ፡ አሎኹ ።

ናይ፡ ምስጋና፡ ሥራሕ።

ኦጐይታይ፡ ትሕትናይ፡ ተመልኪትካ፡ ሐሚመ፡ ነበርኩ፡ አሕዮካኒ። ድኅ፡ ነበርኩ፡ በዓል፡ ጸጋ፡ ገበርካኒ፡ እንካበኻ፡ ስለ፡ ዝተቀበልክዎ፡ ኪለው፡ ሀብቲ፡ እንታይ፡ ክመልሰልካ፡ እየ! ፡ ንቅዱስ፡ ስምካ፡ ከመስግን፡ እየ፡ ንዘለዓለምውን፡ ንምሕረትካ፡ ከዝይም፡ እየ።

ናይ፡ ምቅራብ፡ ሥራሕ።

ኦኢየሱስ፡ አምላኸይ፡ ንርእስኻ፡ ብመሀብካ፡ ስለ፡ ዝገበርካለይ፡ ጸጋ፡ እንታይ፡ ክቅርበልካ፡ እኽእል፡ ሥጋይን፡ ነፍስይን፡ ሰብነተ

ይ ፡ እውን ፡ ምእንቲ ፡ ክብርኻ ፡ አቕርብ ፡ ኣሎኹ ፡ ቅድስት ፡ ፍቃድካ ፡ እትፈትዎ ፡ ግበረለይ ።

ናይ ፡ ልመና ፡ ሥራሕ ።

ኣብ ፡ ውሽጢ ፡ ልበይ ፡ ጕይታይ ፡ ክትከውን ፡ ዝመጸእካ ፡ ኣመለኮታዊ ፡ መድኃንየይ ፡ ኣብ ፡ ውሽጢ ፡ ልበይ ፡ ንዝስከዋ ፡ ክቡር ፡ መዝገብ ፡ ናይ ፡ ድኅንተይ ፡ ጸላኢ ፡ ኪዘምተኒ ፡ ሥልጣን ፡ አይትሀብ ፡ እንኮብ ፡ ኪለው ፡ ኃጢአት ፡ ሐልወኒ ፡ እንኮብ ፡ ክፉእ ፡ ፈተና ፡ እውን ፡ ሡውረኒ ፡ ብቅድስቲ ፡ ሕግኻ ፡ ብምንባር ፡ ክሳብ ፡ ጊዜ ፡ ሞተይ ፡ ወትሩ ፡ ከምዝጸንዕ ፡ ግበረለይ ። ኣሜን ።

ኣንፍሲ፡ኢየሱስ፡ክርስቶስ፡ቀድሰኒ።
ኣሥጋ፡ኢየሱስ፡ክርስቶስ፡አድኅነኒ።
ኣደም፡ኢየሱስ፡ክርስቶስ፡አስክረኒ።

እንክብ፡ ናይ፡ ኢየሱስ፡ ክርስቶስ፡ ጐድኒ፡ ዝፈሰሰክ፡ ማይ፡ እንጽሐኒ። — ኣሕማማት፡ ኢየሱስ፡ ክርስቶስ፡ አጸናንዓኒ። — ኣሕያዋይ፡ ኢየሱስ፡ ስምዓኒ። — ብሕሙሽቱ፡ ቍስልኻ፡ ሠውረኒ። — እንከብኻ፡ አይትፍለየኒ። — እንክብ፡ ሰይጣን፡ ሐልወኒ። — ብሞትይ፡ ሰዓት፡ ጸውዓኒ። — አብኻ፡ መጽኤ፡ ንዘለዓለም፡ ምስ፡ ቅዱሳን፡ ክመስግንካ፡ አዝዝ።

(፻፲፡ መ።)

ድኅሪ፡ ቍርባን፡ ፯፡ ዓመት ።

ኣኼር ፡ ፍጹምውን ፡ መሐሪ ፡ ኢ
የሱስ ፡ ለነ ፡ (እከሌ ፡)አብ ፡ ቅድሜ

ኻ ፡ እምብርከኸ ፡ አሎኹ ። አኬር ፡
ኢየሱስ ፡ ለኣጋረይን ፡ ለእዳወይን ፡
ሸንከሩኒ ፡ ለዕጽምተይ ፡ ኪለው ፡ እ
ውን ፡ ቁጸርዎ ፡ ቢሉ ፡ ቀደም ፡ ዳ
ዊት ፡ ነብይ ፡ ብአኻ ፡ ምኽንያት ፡ እ
ተናገሮ ፡ እናጠመትኩ ፡ ምስ ፡ ዓ
ቢይ ፡ ናይ ፡ ልበይ ፡ ፍቅርን ፡ ኃዘን
ን ፡ ፩ ፡ ቅንዋትካ ፡ እናስተውዓልኩ ፡
እንክምርምር ፡ እንከሎኹ ፡ ሃይማኖ
ት ፡ ተስፋ ፡ ፍቅሪ ፡ መንፈሳውያት ፡
ኃይላትን ፡ ናይ ፡ ኃጢአተይ ፡ ኪለ
ው ፡ ኡነተይና ፡ ንሥሐን ፡ አብ ፡ ል
በይ ፡ ምእንቲ ፡ ክትኃትመለይ ፡ ብ
ናይ ፡ ልበይ ፡ ብርቱዕ ፡ ሐረርታ ፡ እ
ልምነከ ፡ አጸቢቀውን ፡ አማኅፅነከ ፡
አሎኹ ።

(ምዑእ ፡ ሥሬቱ ።

ጸሎት ፡ ናብ ፡ ቅዱስ ፡ ቍርባን ።

ምእንት ፡ ፍቅር ፡ ሰብ ፡ ለይቲ ፡ ምስ ፡ መዓልቲ ፡ ብርኅራኄን ፡ ብፍቕርን ፡ እናተጸበኻን ፡ እናጸዋዕኻን ፡ ናባኻ ፡ ንዝመጽእ ፡ እናተቀበልካን ፡ እብ ፡ ቍርባን ፡ እትነብር ፡ ዘሎኻ ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ጐይታይ ፡ ኣብዚ ፡ መንበረ ፡ ታቦትዙይ ፡ ክምዘሎኻ ፡ ኣኣምን ፡ ኣሎኹ ፡ ንኸንቱንተይ ፡ እናተእመንኩ ፡ እሰግደልካ ፡ ኣሎኹ ፡ ብዝሃብካኒ ፡ ጸጋ ፡ ኪለው ፡ ኣውራ ፡ ኣውራ ፡ ግን ፡ በዙ ፡ ምስጢር ፡ እዙይ ፡ ርእስኻ ፡ ዝሀብካኒ ፡ ንእኖኻ ፡ እግዝእትነ ፡ ማርያም ፡ ጠበቃ ፡ ክንድ ፡ ዝገበርካለይ ፡ ኣብዛ ፡ ቤተ ፡ ክርስ

ቲያን ፡ እዚእ ፡ ክበጽሐካ ፡ ክንድ ፡ ዝ
ጸዋዕካኒ ፡ አመስግንካ ፡እሎኹ ። እን ፡
ሄዚ ፡ ብሠለስተ ፡ ነገር ፡ ንዝተፈቶ ፡
ልብኻ ፡ ኢ.ድ ፡ እንስእ ፡ እሎኹ ፤ ፩ያ፤
ንቅዱስ ፡ ቍርባን ፤ ክንድ ዝሠራዕካ
ለይ ፡ ንምምስጋን ፡ ፪ይ ፤ በዙ ፡ ምሥ
ጢር ፡ እዙይ ፡ እንክብ ፡ ጸላእትኻ ፤
ንትቅዐሎ ፡ ውርደት ፡ ንምኽሓስ ፤
ርይ ፡ አብ ፡ ምሉእ ፡ ዓለም ፤ ብምሥ
ጢር ፡ ቍርባን ፤ አብ ፡ ዘይትኽብረ
ሉን ፡ አብ ፡ ዘይትገዝከረሉን ፡ ቤተ ፡
ክርስቲያን ፡ ንዘሎኻ ፡ ንአኻ ፡ ንም
ስጋድ ።

እኢየሱስይ ፡ ብብዙኅ ፡ እፈትወ
ካ ፤ ብዝሐለፈ ፤ መጠን ፡ ንዘይብላ ፡
ሕያውነትካ ፡ መሳሊሰ ፡ ክንድዘጕ

ጼኹ ፡ እጠዓስ ፡ አሉኹ ። ድጎሪ ፡ ጼ
ዚ ፡ ከይብድለካ ፡ ብጺጋኻ ፡ ጽኑዕ ፡
ፍቃድ ፡ እገብር ፡ አሉኹ ። ጼዚ ፡ ከ
ዓ ፡ ርእሰይ ፡ ኪለው ፡ ነእኻ ፡ አወ
ፍዮ ፡ አሉኹ ፡ ፍቃደይ ፡ ድላየይ ፡
ትምኒተይ ፡ ኪለው ፡ ነገረይ ፡ ነእኻ ፡
እህበ ፡ አሉኹ ። እንከብ ፡ ሉሚ ፡ ን
ደጋር ፡ ርእሰይን ፡ ኪለው ፡ ነገረይ
ን ፡ ከምዝደለኻ ፡ ግበሮ ፡ ጽንዓትን ፡
ፍቅርኻን ፡ ፍቃድከ ፡ ምፍጻምን ፡ በ
ይኑ ፡ ክትህበኒ ፡ እልምነከ ፡ አሉኹ ።
አብ ፡ ንስሐ ፡ ቦታ ፡ ንዘለዋ ፡ ነፍሳት ፡
ብሕልፍ ፡ ግን ፡ ፍቅር ፡ ቅዱስ ፡ ቍር
ባንን ፡ ፍቅር ፡ እግዝእትነ ፡ ማርያም
ን ፡ ንዝነበረን ፡ ነፍሳት ፡ ናበኻ ፡ አ
ማኅፅን ፡ አሉኹ ። ንመሳኺን ፡ ኃጢ

አተይናታት ፡ እውን ፡ ናበኻ ፡ አማ
ሶቁበም ፡ እሎኹ ። ብዝተረፈ ፡ አመ
ድኃኒየይ ፡ ድላየይ ፡ ኪለው ፡ ምስ ፡
ናይ ፡ ልብኻ ፡ ድላይ ፡ ሐደ ፡ እንብ
ሮ ፡ እሎኹ ፡ ሐደ ፡ ገቢረ ፡ እውን ፡
ናብ ፡ ዘለዓለማዊ ፡ አቦኻ ፡ አቅርቦ ፡
እሎኹ ፡ ምእንት ፡ ፍቅርኻ ፡ ቢሉ ፡
ክረድእኒ ፡ ከዓ ፡ ብስምካ ፡ እልምኖ ፡
እሎኹ ። (፲፱ ፡ መ ።)

ናይ ፡ ሀረርታ ፡ ቍርባን ።

አኢየሱሰይ ፡ ንስኻ ፡ ብምስጢ
ረ ፡ ቍርባን ፡ አብዙ ፡ መንበረታብ
ትዙይ ፡ ከምዘሎኻ ፡ አአምን ፡ እሎ
ኹ ፡ እንከሎ ፡ ኪለው ፡ ነገር ፡ አብሊ
ጸ ፡ እፈትወካ ፡ እሎኹ ፡ ናብ ፡ ነፍሰ

ይ ፡ ክትመጽእ ፡ እውን ፡ ሀረር ፡ እ
ብለካ ፡ አሎኹ ። ሕጂ ፡ ብቍርባን ፡
ክቅበለካ ፡ አይክእልንሞ ፡ ብጸጋኻ ፡
ናብ ፡ ልበይ ፡ ክትመጽእ ፡ እልምነካ ፡
አሎኹ ። ናብ ፡ ልበይ ፡ ክምዝመጻ
እካ ፡ ገቢረ ፡ አሐቍፈካ ፡ ምስኻ ፡ እ
ውን ፡ እጋጠም ፡ አሎኹ ፤ አኢየሱ
ስየ ፡ ደጊም ፡ እንክብኻ ፡ ክምዘይፍ
ለ ፡ ግበረኒ ። አሜን ።

(ፎ ፡ መ ።)

ናብ ፡ ቅዱስ ፡ ቍርባን ፡ ወይ ፡ ናብ ፡
ቅዱስ ፡ ልቢ ፡ ኢየሱስ ፡ ጸሎት ።

ብዘይ ፡ መጠን ፡ ንሰብ ፡ ዝፈቶ
ኻ ፡ አኢየሱስ ፡ ወሰን ፡ ዘይብላ ፡ ፍ
ቅርኻ ፡ ክሳብ ፡ ምንታይ ፡ እሞ ፡ ዘየብ

ጽሒትካ ፡ እኒሆ ፡ ኮለንትናኻ ፡ ምእ
ንቲ ፡ ክትህበኒ ፡ ቅዱስ ፡ ሥጋከን ፡
ክቡር ፡ ደምክን ፡ ዝኮነ ፡ ሰማያዊ ፡ ም
ግቢ ፡ ሠራዕክለይ ። ናብዚ ፡ ኅሉፍ ፡
ፍቅር ፡ እዙይ ፡ መን ፡ ግዲ ፡ በለካ ፡
ብፍቅሪ ፡ እንካብ ፡ ዝመልኤ ፡ ልብ
ካ ፡ ሐሊፉ ፡ ካልእ ፡ ከምዘይኮነ ፡ ጥ
ላል ፡ እዩ ። ሰማያት ፡ ዝማብእካ ፡ እ
ናይ ፡ ኢየሱስ ፡ ልቢ ፡ እብ ፡ መለከ
ታዊ ፡ ፍቅር ፡ ዝነድድ ፡ እቶን ፡ ናይ ፡
ፍቅሪ ፡ መምህር ፡ ኢኻሞ ፡ ብተራይ ፡
ዘስተንክር ፡ ናይ ፡ ፍቅሪ ፡ ምልክት ፡
ብብዙኅ ፡ ዓይነት ፡ ንዝሀበኒ ፡ ኢም
ላክ ፡ ምፍታው ፡ ዓእንት ፡ ክክእል ፡
እብ ፡ ቅዱስ ፡ ቍስልካ ፡ ኻንፍሰይ ፡
ተቀበላ ። እሜን ። (፲ ፡ መ ።)

ሊጣንያ ፡
ዘቅዱስ ፡ ልበ ፡ ኢየሱስ ።

ኪርያ ፡ ላይሶን ።
ክሪስቴ ፡ ኤለይሶን ።
ኪርያ ፡ ላይሶን ።
አክርስቶስ ፡ ስምዓነ ።
አክርስቶስ ፡ አፅምዓነ ።
አሰማያዊ ፡ አብ ፡ አምላክ ።
አመድኅኔ ፡ ዓለም ፡ ወልድ ፡ አምላክ ።
አ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ አምላክ ።
አ ቅድስት ፡ ሥላሴ ፡ ፩ ፡ አምላክ ።

ተሣሃለነ ።

አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ መርጡል ፡ ቅዱሱ ፡ ለእግዚአብሔር ።

አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ማኅደረ ፡ ልዑል ።

አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ቤተ ፡ እግዚአብሔር ፡ ወኆኅተ ፡ ሰማይ ።

አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ነዳዲ ፡ እቶነ ፡ ፍቅር ።

አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዕመቀ ፡ ጥበብ ፡ ወፍቅር ።

አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዕመቀ ፡ ኵሉን ፡ ኃይላት ።

አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዘረድፋደ ፡ ይደልዎ ፡ ስብሐ ።

አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ንጉሠ ፡ ወ

ተሣሀለነ ።

ምዕላድ ፡ ኵሎሙ ፡ አልባብ።

ኦ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዘውስቴቱ ፡ ኵሎሙ ፡ መዛግብተ ፡ ጥበብ ፡ ወአእምሮ ።

አ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዘውስቴቱ ፡ የኀድር ፡ ኵሉ ፡ ምልዐተ ፡ መለኮት ።

አ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዘሠምረ ፡ ቦቱ ፡ አብ ፡ ለሊሁ ።

አ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዘእም ፡ ተረፈ ፡ ምልአተ ፡ ዚአሁ ፡ ንሕነ ፡ ኵልነ ፡ ነሣእነ ።

ኦ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ጸሐቀ ፡ ዘለዓለማውያን ፡ አድባር ።

ኦ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ የዋህ ፡ ወብዙኅ ፡ ምሕረት ፡ ።

አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ባዕል ፡ ለኵ
ሉሙ ፡ እለ ፡ ይጼውዑከ ።
አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ነቅዐ ፡ ሕይ
ወት ፡ ወቅድስና ።
አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ መሥዋዕት ፡
በእንተ ፡ ኃጣውኢነ ።
አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ጽጉበ ፡ ጽ
ርፈታት ።
አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዘቄሰለ ፡ በ
እንተ ፡ አበሳነ ።
አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዘኮነ ፡ ተዓ
ጋሼ ፡ እስከ ፡ ለሞት ።
አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ዘተረግዘ ፡
በኵናት ።
አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ነቅዐ ፡ ኵሉ ፡
ኅዘዜ ።

መሐረነ ።

አ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ሕይወትነ ፡ ወትንሣኤነ ።
አ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ሰላምነ ፡ ወዕርቅነ ።
አ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ መሥዋዕተ ፡ ኃጥአን ።
አ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ መድኃኒት ፡ ለእለ ፡ ይትዌከሉ ፡ ብከ ።
አ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ተስፋ ፡ ለእለ ፡ ይመውቱ ፡ ብከ ።
አ ልበ ፡ ኢየሱስ ፡ ሐሤተ ፡ ጻድቃን ።

ተሣሃለነ ።

አ በግዑ ፡ ለእግዚአብሔር ።
(፫ ፡ ጊዜ ፡ በል ።

ይ ፡ ክ ፡ አልበ ፡ ኢየሱስ ፡ የዋሕ ፡ ልብ ።

ይ፡ ሕ፡ ረስዮ፡ ለልብነ፡ ዘከመ፡ ልበ፡ ዚአከ።

ንጸሊ።

ኦእግዚአብሔር፡ ከሃሌ፡ ኵሉ፡ ወዘለዓለም፡ ግበር፡ አዕይንቲከ፡ ዲበ፡ ልበ፡ ወልድከ፡ ዘታፈቅር፡ ጥቀ፡ ወረአይ፡ ስብሐታት፡ ወግብራት፡ ተቤዝዎ፡ ዘያቄርብ፡ ለከ፡ በከመ፡ ኵሎሙ፡ ኃጥአን፡ ወለእለሂ፡ ይትመሐለሉ፡ ይርከቡ፡ ምሕረተ፡ አቍሬረከ፡ መዓተከ፡ ጸግዎሙ፡ አንተ፡ በስመ፡ ዝንቱ፡ ፍቁር፡ ወልድከ፡ ኢየሱስ፡ ክርስቶስ፡ ዘሀሎ፡ ወዘይነግሥ፡ ምስሌከ፡ ወምስለ፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡ አምላክ፡ በኵሉ፡ አዝማን፡ ወዓመታት። አሜን። (፷፯፡ መ ፰)

ርእስካ ፡ ናይ ፡ ምቅራብ ፡ ሥራሕ ።

እሕያዋይ ፡ ኢየሱስ ፡ ናይ ፡ ወገን ፡ ዘርእ ፡ ሰብ ፡ መድኃኒት ፡ ብትሕትና ፡ እብ ፡ ቅድም ፡ መንበረ ፡ ታቦትካ ፡ ተምበርኪኽና ፡ ንዘለና ፡ ንእና ፡ ጠምት ። ንሕና ፡ ናትካ ፡ ኢና ፡ ናትካ ፡ ክንከውንውን ፡ ንደሊ ፡ አሎና ፡ ምስኻ ፡ ሐደ ፡ ክዩንና ፡ ምንባር ፡ ክንክእልውን ፡ እኔሆ ፡ ሎሚ ፡ ነፍስ ፡ ወከፍ ፡ እንክብና ፡ ብድላይና ፡ ናብ ፡ ቅዱስ ፡ ልብኻ ፡ ንቀርብ ፡ አሎና ። ብዙኃት ፡ እኳ ፡ አይፈልጡኻን ፡ ብዙኃትውን ፡ ንትእዛዝካ ፡ እናዋረዱ ፡ ለደዱኻ ። አፍጹም ፡ ሕያዋይ ፡ ኢየ

ሉስ ፡ ንዚኢቶምን ፡ ንቲኢቶምን ፡ ይቅረ ፡ በለሎም ፡ ንኹሎምውን ፡ ናብ ፡ ቅዱስ ፡ ልብኻ ፡ ሰሐቦም ። አእምላኸይ ፡ ናይ ፡ እቶም ፡ ዝኀደጉኻ ፡ ክፋእት ፡ ደቂ ፡ ክዓ ፡ እምበር ፡ ናይ ፡ እቶም ፡ እንኻባኻ ፡ ዘይርኀቑ ፡ ምእመናን ፡ በይኑ ፡ ንጉሥ ፡ አይክንክን ፡ ብመከራን ፡ ብጥሜትን ፡ ክይመቱ ፡ ንዚኢቶም ፡ ናባኻ ፡ ክምዝምለሱ ፡ ግበሮም ፡ ንቶም ፡ አብ ፡ ናይ ፡ ስሕተት ፡ ጌጋ ፡ ዝነብሩ ፡ ዘለዉ ፡ ክዓ ፡ ሐደ ፡ መጓሰ ፡ ንሐደ ፡ ጓሳ ፡ ምእንቲ ፡ ክኾኑ ፡ ናብ ፡ ኡንተይና ፡ ሃይማኖት ፡ ጸውዓዮም ። ንቶም ፡ አብ ፡ ናይ ፡ አረማውያን ፡ ጥንቈላ ፡ ዘለዉ ፡ እንኩብ ፡ ጸላም ፡ ናብ ፡ ብርሃንን ፡ ናብ ፡

፳፩ ርእስኻ ፡ ናይ ፡ ምቅራብ ፡ ምራሕ ፡፡

መንግሥቲ ፡ እግዚአብሔርን ፡ ንም ውጻእም ፡ አይትእበ ። አአምላኸይ ፡ ንቤተ ፡ ክርስቲያንካ ፡ ኡንተይና ፡ ድ ኅነትን ፡ ነጻነትን ፡ ሀብ ፡ ንኪሎው ፡ ሕዝቢ ፡ ናይ ፡ ሥርዓት ፡ ዕረፍቲ ፡ ሀብ ፡ እዛ ፡ ሐንቲ ፡ ቃልዚአውን ፡ አብ ፡ ኪሎው ፡ ዓለም ፡ ክምትስማ ዕ ፡ ግበራ ፡ ንቱ ፡ ድኅነትና ፡ ዝመጽ እሉ ፡ መለኮታዊ ፡ ልቢ ፡ ክዓ ፡ ምስጋ ና ፡ ይኹኖ ፡ ናኡ ፡ ንዘለዓለም ፡ ም ስጋናን ፡ ክብርን ፡ ይዘየመሉ ። አ ሜን ።

(ብብዓል ፡ ቅዱስ ፡ ልቢ ፡ ፫ ዓመት ፡ ምሉእ ፡ ክዓ ፡፡)

ካልእ ፡ ጸሎት ።

ኦቅዱስ ፡ ልብ ፡ ኢየሱስ ፤ ቡሩ
ኬኝ ፡ ኣብ ፡ ልዕል ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያ
ንን ፡ ኣብ ፡ ልዕል ፡ ርእሰ ፡ ሊቃነ ፡ ጳ
ጳሳትን ፡ ኣብ ፡ ልዕል ፡ ኩሎም ፡ ካህ
ናትን ፡ ኣጸቢቁ ፡ ይስፋሕ ፤ ንጻድቃ
ን ፡ ጽንዓት ፡ ሀበም ፡ ንኃጢአተይና
ታት ፡ ናብ ፡ ንስሓ ፡ ምለሶም ፤ ንአረ
ማውያን ፡ ኡነተይና ፡ ብርሃን ፡ ኣብ
ርሃሎም ፤ ንዝማድናን ፡ ንፈተውትና
ን ፡ ንገበርት ፡ ድሙዕናን ፡ ባርኾም ፤
ንሕሙማት ፡ ሐልዎም ፤ ንናይ ፡ ንስ
ሐ ፡ በታ ፡ ነፍሳት ፡ አድኅንን ፤ ኣብ ፡
ናይ ፡ ኪለው ፡ ሰብ ፡ ልብውን ፤ ናይ ፡
ፍቅርኻ ፡ ጥዑም ፡ መንግሥቲ ፡ ኣስ
ፍሕ ። ኣሜን ። (ደ፻ ፡ መ ፡፡)

ሊጣኔያ ፡
ዘቅዱስ ፡ ስመ ፡ ኢየሱስ ።

ይ ፡ ካ ፡ ኪርያ ፡ ላይሶን ።
ክርስቴ ፡ ኤለይሶን ።
ኪርያ ፡ ላይሶን ።
እኢየሱስ ፡ ስምዓነ ።
እኢየሱስ ፡ አፅምዐነ ።
እሰማያዊ ፡ አብ ፡ እምላክ ።
እመድኀኔ ፡ ዓለም ፡ ወልድ ፡ እምላክ ።
እመንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ እምላክ ።
እቅድስት ፡ ሥላሴ ፡ ፩እምላክ ።
እኢየሱስ ፡ ወልደ ፡ እምላክ ፡ ሕያው ።
እኢየሱስ ፡ ፀዳለ ፡ አብ ።

፵ጊዜ ።

አኢየሱስ ፡ ፀዳለ ፡ ብርሃን ፡ ዘ
ለዓለም ።
አኢየሱስ ፡ ፀሐየ ፡ ጽድቅ ።
አኢየሱስ ፡ ንጉሠ ፡ ክብር ።
አኢየሱስ ፡ ወልደ ፡ ማርያም ፡
ድንግል ።
አኢየሱስ ፡ ፍቁር ።
አኢየሱስ ፡ መንክር ።
አኢየሱስ ፡ አምላክ ፡ ኃያል ።
አኢየሱስ ፡ አበ ፡ ዓለም ፡ ሐ
ዲስ ።
አኢየሱስ ፡ መልአከ ፡ ምክር ፡
ዓቢይ ።
አኢየሱስ ፡ ፍጹም ፡ ከሃሊ ።
አኢየሱስ ፡ ፍጹም ፡ መስተዓ
ግሥ ።

መሐረነ ።

ኦኢየሱስ ፡ ፍጹም ፡ ተአዛዚ ።
ኦኢየሱስ ፡ የዋኅ ፡ ወትሑተ ፡
ልብ ።
ኦኢየሱስ ፡ መፍቀሬ ፡ ዚአነ ።
ኦኢየሱስ ፡ አምላከ ፡ ሰላም ።
ኦኢየሱስ ፡ ወሃቤ ፡ ሕይወት ።
ኦኢየሱስ ፡ አርአያ ፡ ዘኃይላ
ት ፡ ነፍሳት ።
ኦኢየሱስ ፡ ዓርከ ፡ ነፍሳት ፡ ቀ
ናዒ ።
ኦኢየሱስ ፡ እምላክነ ።
ኦኢየሱስ ፡ ምስካይነ ።
ኦኢየሱስ ፡ አበ ፡ ነዳያን ።
ኦኢየሱስ ፡ መዝገበ ፡ ምእመ
ናን ።
ኦኢየሱስ ፡ ኄር ፡ ኖላዊ ።

ሰላም ።

አአ.የሱስ ፡ ብርሃን ፡ አማናዊ ።
አአ.የሱስ ፡ ጥበብ ፡ ዘለዓለም ።
አአ.የሱስ ፡ ኂሩት ፡ ዘኢየኀልቅ ።
አአ.የሱስ ፡ ፍኖትነ ፡ ወሕይወትነ ።
አአ.የሱስ ፡ ሐሤተ ፡ መላእክት ።
አአ.የሱስ ፡ ንጉሠ ፡ አበው ።
አአ.የሱስ ፡ መምህረ ፡ ሐዋርያት ።
አአ.የሱስ ፡ ሊቀ ፡ ወንጌላውያን ።
አአ.የሱስ ፡ ፅንዐ ፡ ሰማዕታት ።
አአ.የሱስ ፡ ብርሃነ ፡ ጻድቃን ።
አአ.የሱስ ፡ ንጽሐ ፡ ደናግል ።
አአ.የሱስ ፡ አክሊለ ፡ ኵሎሙ ፡ ቅዱሳን ።

(beside the verses above, with a bracket:) መሐረነ ።

ቃውመ ፡ ኵነነ ። — እኢየሱስ ፡ ተሠሀለነ ።

ቃውመ ፡ ኵነነ ። — እኢየሱስ ፡ ስምዐነ ።

እመከራ ፡ ኵሉ ።
እምኵሉ ፡ ኃጢአት ።
እመዓትከ ።
እሥነ ፡ ዲ.ያ.ቦሎስ ፡ ለዲ.ያብሎስ ።
እሞት ፡ ዘለዓለም ።

መሐረነ፡፡እኢየሱስ፡፡

እመንፈስ ፡ ዝሙት ።
እምኑዳ.ገ ፡ ምክርከ ።
በእንተ ፡ ምሥጢረ ፡ ሥጋዌከ ።
በእንተ ፡ ልደትከ ።
በእንተ ፡ ክዋኖትከ ፡ ሕፃን ።
በእንተ ፡ ፍጹም ፡ እምላከዊ ፡ ሕይወትከ ።

ሠውረነ ፡ እኢየሱስ ።

በእንተ ፡ ድካምከ ።
በእንተ ፡ ገዓርከ ፡ ወሕማምከ ።
በእንተ ፡ መስቀልከ ፡ ወተሐድ
ጎትከ ።
በእንተ ፡ ፃዕሬ·ቲከ ።
በእንተ ፡ ሞትከ ፡ ወተቀብሮ
ትከ ።
በእንተ ፡ ትንሣኤከ ።
በእንተ ፡ ዕርገትከ ።
በእንተ ፡ ሠረፆትከ ፡ ጥቀ ፡ ቅ
ዱስ ፡ ቍርበነ ።
በእንተ ፡ ፍሥሐከ ።
በእንተ ፡ ክብርከ ።

ሠውረነ ፡ ኦኢየሱስ ።

አበግዑ ፡ ለእግዚአብሔር ፡ ዘተአ
ትት ፡ ኃጢአተ ፡ ዓለም ። — ተሠ
ሐለነ ።

አበግዑ ፡ ለእግዚአብሔር ፡ ዘተአ
ትት ፡ ኃጢአተ ፡ ዓለም ። — ስምዐ
ነ ፡ እኢየሱስ ።

አበግዑ ፡ ለእግዚአብሔር ፡ ዘተአ
ትት ፡ ኃጢአተ ፡ ዓለም ። — መሐ
ረነ ፡ እኢየሱስ ።

እኢየሱስ ፡ ስምዐነ ።

እኢየሱስ ፡ አዕምዐነ ።

ይኩን ፡ ቡሩክ ፡ ይኩን ፡ ስሙ ፡ ለእ
ግዚአብሔር ።

ይእዜ ፡ ሕ ፡ እምይእዜ ፡ ወእስከ ፡ ለዓ
ለም ።

ንጸሊ ።

እእግዚእነ ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡
ዘትቤለነ ፡ እንተ ፡ ስአሉ ፡ ወይትወ

ሀበክሙ ፡ ኅሡ ፡ ወትረክቡ ፡ ጐድ
ጒዱ ፡ ወይትረኀወክሙ ፡ ንስእለከ ፡
እግዚኦ ፡ ከመ ፡ ትጸግወነ ፡ ለነ ፡ ለስ
እልያን ፡ ፍሬ ፡ ዕበየ ፡ ፍቅርከ ፡ መ
ለኮታዊ ፡ ከመ ፡ ናፍቅርከ ፡ በኵሉ ፡
ልብ ፡ ወአፍ ፡ ወምግባር ፡ ወከመ ፡
ኢናዕርፍ ፡ እምነ ፡ ስብሐትከ ፡ ወ
ትረ ።

እእግዚኦ ፡ ረስየነ ፡ ከመ ፡ ንርከ
ብ ፡ ፈሪሆተ ፡ ስምከ ፡ ቅዱስ ፡ ወዘ
ዘልፍ ፡ አፍቅሮቶ ፡ እስመ ፡ ማእዜኒ ፡
ኢተኀድጎሙ ፡ እምርዕዮትከ ፡ ለዘአ
ቀምኮሙ ፡ ውስተ ፡ ፅንዓተ ፡ ፍቅር
ከ ፡ ዘተሐዩ ፡ ወዘትነግሥ ፡ ለዓለመ ፡
ዓለም ። አሜን ።

(፫፻ ፡ መ ፡፡)

ፍኖተ ፡ መስቀል ።

(ብዙኅ ፡ ሥሬት ፡ ሰብዎ ።)

አብ ፡ ቅድም ፡
መንበረ ፡ ታቦት ፡ ዝግበር ፡ ጸሎት ።

ኦ ኢየሱስ ፡ ናይ ፡ ሕማማትካ ፡ ብርታዔን ፡ ብዝኅነትን ፡ አርኢኻ ፡ ልበይ ፡ አራኅርኅ ። ብኅጢአተይ ፡ እውን ፡ ከምዝነነዝን ፡ ግበረኒ ። ምእንቲ ፡ ርእሰይን ፡ አብ ፡ ንስሐ ፡ በታ ፡ ምእንቲ ፡ ዘለዉ ፡ አዝማደይን ፡ ፈተውተይን ፡ ምእንቲ ፡ ዘይተረድኡ ፡ ነፍሳትን ፡ ናይ ፡ ሕማማትካ ፡ ትሩፋት ፡ አቕርበልካ ፡ አሎኹ ።

ኦማርያም ፡ ንፍኖተ ፡ መስቀል ፡ ዘስተምሀርኪ ፡ ንስኺ ፡ ኢኺ ፡ እሞ ፡ ብምብካይን ፡ ብምፍታውን ፡ ከማኺ ፡ ክምዝክውን ፡ ግበርኒ ።



መዝመርያ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ አብ ፡ ደገ ፡ ጲላጦስ ፡ ካብ ፡ አፍ ፡ ጲላጦስ ፡ ምእንቲ ፡ ከድኅነና ፡ ናይ ፡ ሞት ፡ ፍርዲ ፡ ብፍቅሪ ፡ ከምተቀበለ ፡ የተሐሳስበኒ ።

ካ ፡ አክርስቶስ ፡ ንሰግደልካ ፡ ነመስግነካ ፡ እውን ፡ አሉና ።

ሕ ፡ ብቶቀደሰ ፡ መስቀልካ ፡ ንዓለም ፡ ዘድኅንካ ፡ ንስኻ ፡ ኢኻሞ፧።

ጸሎት ።

አመድኃኒየይ ፡ ክርስቶስ ፡ ንዓይ ፡ ፈቲኻ ፡ ድኅሪ ፡ ደም ፡ ርሒጽካ ፡ ድኅሪ ፡ ተአሚርካ ፡ ድኅሪ ፡ ተገሪፍካ ፡ ብዙኅ ፡ እውን ፡ ድኅሪ ፡ ተዋሪድካ ፡ ዘይግብአካ ፡ ናይ ፡ ሞት ፡ ፍርዲ ፡ ክንዲ ፡ እተቀበልካ ፡ ብኃጢአተይ ፡ ምኽንያት ፡ ተፈሪዱኒ ፡ ክቅበሎ ፡ እንክብ ፡ ዝግባእኒ ፡ ናይ ፡ ዘለዓለም ፡ ሞት ፡ አድኅንኒ ። •

አቡን ፡ ዘበ ፡ … ሰላመ ፡ ገብር ፡ … አማርያ ፡ … ስብሐት ፡ ለአብ … ።

ክ ፤ አጕይታና ፡ መሐረና ።

ሕ ፡ አቅድስት ፡ እም ፡ ኅትሚ ፡ ውስተ ፡ ልበየ ፡ ከመ ፡ ማኅተም ፡ ኵሎ ፡ ሕማሞ ፡ ወቍስሎ ፡ ለእግዚእነ።

ካልኣይ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብዙኅ ፡ ዝኸበደ ፡ መስቀል ፡ ኩብ ፡ ኢድ ፡ ወተሐደራት ፡ ተቀቢሉ ፡ አብ ፡ ዝቈሰለ ፡ መንኩቡ ፡ ከምተሸከመ ፡ ከብ ፡ መስቀሉ ፡ ኃጢአተይ ፡ ብዙኅ ፡ ከምዝኸበድዎ ፡ የተሐሳስበኒ ።

አክርስቶስ ፡ ...

ጸሎት ፡፡

ክሽከሞ ፡ ዝግብኣኒ ፡ ዝነበረ ፡ መስቀል ፡ እተሸከምካለይ ፡ ኣክርስቶስ ፡ ጐይታይ ፡ ናይ ፡ ኃጢኣተይ ፡ ብዝኃትን ፡ ክፍኣትን ፡ ክምዘፈልጥ ፡ ፈሊጠ ፡ እውን ፡ ዝመጸኒ ፡ መከራ ፡ ኪለው ፡ ብፍቕር ፡ ተቀቢለ ፡ ንዓኻ ፡ እውን ፡ ተኸቲለ ፡ መስቀለይ ፡ ክም ፡ ዝፀውር ፡ ግበረኒ ፡፡

ኣቡነ ፡ … ኣጐይታና ፡ … ኣቅድስት ፡ እም ፡፡ …

ሣልሳይ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብዝኸበደ ፡ መስቀል ፡ ደኺሙ ፡ መዝመርያ ፡ ጊዜ ፡ ከምዝወደቀ ፡ ናይ ፡ ወተሐደራት ፡ ተሳልቆን ፡ መግረፍትን ፡ እውን ፡ ስቅ ፡ ቢሉ ፡ ብትሕትና ፡ ከምተቀበለ ፡ የተሐሳስበኒ ።

እክርስቶስ ፡ ...

ጸሎት ።

ኦኢየሱስ ፡ መድኃንየይ ፡ ክቢድ ፡ መስቀል ፡ እሸኪሙ ፡ ኣብ ፡ ትሕቲኡ ፡ ክምትወድቕ ፡ ገቢሩካ ፡ ዘሎ ፡ ናይ ፡ ኃጢኣተይ ፡ ክበድ ፡ ኢዩሞ ፡ ደጊም ፡ በዚ ፡ ናይ ፡ ምውዳቕ ፡ ትርፋት ፡ ንዝሓለፉ ፡ ኃጢኣተይ ፡ ይቕረ ፡ ክምትብለለይ ፡ ፍጹም ፡ እውን ፡ ናይ ፡ ኃጢኣተይ ፡ ጻላኢ ፡ ክምትገብረኒ ፡ እልምነካ ፡ ኣሎኹ ።

ኣቡነ ፡ ... ኦጐይታና ፡ ... ኦቅድስት ፡ እም ፡ ..

ራብዓይ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ መስቀል ፡ ተሸኪሙ ፡ ኪኸይድ ፡ ከሎ ፡ አብ ፡ መንገዲ ፡ ምስ ፡ እግዝእትነ ፡ ማርያም ፡ ከምተራኸበ ፡ አብ ፡ ምርኻቦም ፡ ጊዜ ፡ እውን ፡ ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብናይ ፡ እኖኡ ፡ ኃዘን ፡ ሐዲሽ ፡ ኃዘን ፡ ከምተወሰኸ ፡ ንእግዝእትነ ፡ ማርያም ፡ እውን ፡ ፍጹም ፡ እትፈትዎ ፡ ወዳ ፡ ጸርፉን ፡ ው

ርዱቱን ፡ ድኻሙን ፡ መውቃዕቱን ፡ ናብ ፡ ሞት ፡ ምስሐቡን ፡ ርእየ ፡ ብዝመረረ ፡ ጓዘን ፡ ክምዝጓዘነት ፡ የተሐሳስበኒ ። — እክርስቶስ ፡ …

ጸሎት ።

ብዘይመጠን ፡ ዝጎዘንካ ፡ በዓል ፡ መከራ ፡ እኢየሱስ ፡ ብዘይመጠን ፡ እውን ፡ ዝጎዘንኪ ፡ እእግዝእትና ፡ ማርያም ፡ ዝረኸብክምዎ ፡ መከራ ፡ ብኃጢአተይ ፡ ብዝኾንትን ፡ ክፍአትን ፡ ክምዝኾነ ፡ እእምን ፡ እሎኹ ። ምኽንያት ፡ እውን ፡ ብምኽነይ ፡ ብፍጹም ፡ እኅዝን ፡ እሎኹ ። ደጊም ፡ ክሳብ ፡ ጊዜ ፡ ሞተይ ፡ ናትኩም ፡ ፍቅሪ ፡ ክምዘብዝኅ ፡ ግበሩኒ ።

እቡን ፡ … እጐይታና ፡ … እቅድስት ፡ እም ። …

ኃምሳይ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብዙኅ ፡ ደኺሙ ፡ ነበረሞ ፡ ጸላእቱ ፡ ከይተሰቅለ ፡ ከይሞቶም ፡ ፈሪሆም ፡ መንገድ ፡ ዝኀልፍ ፡ ዝነበረ ፡ ስምዖን ፡ ቄሬናዊ ፡ ረኺቦም ፡ መስቀል ፡ ከሽከም ፡ ግዲ ፡ ከምዝበልዎ ፡ የተሐሳሰበኒ ። — እክርስቶስ ፡ …

ጸሎት ።

ኦመድኃንየይ ፡ መስቀልካ ፡ እተ ሸክመ ፡ ሰምዖን ፡ ቀሬናዊ ፡ ትሩፋት ክን ፡ ክብርኻን ፡ ምእንቲ ፡ ክካፈል ፡ እዩ ፡ እምበር ፡ ንስኻ ፡ ኃይሊ ፡ ስኢ ንካ ፡ አይኮነን ። እነ ፡ እውን ፡ ብፍቅ ሪ ፡ ክምዝሸከሞ ፡ ማበረኒ ።

አቡነ ፡ ... አጐይታና ፡ . . . አቅድስ ት ፡ እም ... ።

ማድሳይ ፡ ሥእሊ ።

ናይ ፡ ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስ
ቶስ ፡ ገጽ ፡ ብትፍታፍን ፡ ብረሃጽን ፡
ብሓመድን ፡ ብደምን ፡ ረሲሑ ፡ ምስ
ረአየቶ ፡ ቬሮኒካ ፡ እትበሀል ፡ ሐንቲ ፡
ቅድስቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ራኅሪኃ ፡ ካብ ፡
ወተኃደራት ፡ ዝመጽእ ፡ ሞትን ፡ መ
ከራን ፡ ከይፈርኄት ፡ ብማእኸሎም ፡
ኀሊፋ ፡ ብናይ ፡ ብርሃኑ ፡ ግርማ ፡ ም
ኽንያት ፡ ንመላእኽቲ ፡ ዘደንግፅ ፡ ቅ

ዱስ ፡ ገጹ ፡ ከምዝሐሠሰት ፡ እብ ፡ መአረምያኣ ፡ እውን ፡ ናይ ፡ ጐይታ ና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ መልክዕ ፡ ብተአምራት ፡ ተሥኢሉ ፡ ከምዝተ ረፈ ፡ የተሐሳስበኒ ። አክርስቶስ … ።

ጸሎት ።

አመድኃኒና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶ ስ ፡ ከም ፡ ቅድስት ፡ ቬሮኒካ ፡ ሃይማ ኖተይ ፡ ክገልጽ ፡ ዝኀይስ ፡ ናይ ፡ ፍ ቅር ፡ ሥራሕ ፡ እውን ፡ ክገብር ፡ እ ምበር ፡ ንሰብ ፡ ከምዘይሐፍርን ፡ እ ብ ፡ ናይ ፡ እታ ፡ ቅድስት ፡ ሰበይቲ ፡ እቲአ ፡ መአረምያ ፡ እውን ፡ ናይ ፡ ገጽካ ፡ መልክዕ ፡ ከምዝሠአልካ ፡ ም እንታይ ፡ እተቀበልካዮ ፡ መከራን ፡ ናይ ፡ ምኅረትካ ፡ ብዝኃትን ፡ ወትሩ ፡ ከምዝሐስብ ፡ እብ ፡ ውሽጢ ፡ ልበይ ፡ ሠአለለይ ። — አቡነ ፡ … አጐይታ ና ፡ … አቅድስት ፡ እም ።

ሳብዓይ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ካብ ፡ ድኻሙ ፡ ብዝኾነት ፡ እተላዕለ ፡ ኣብ ፡ ትሕቲ ፡ ከቢድ ፡ መስቀል ፡ ክልኣይ ፡ ጊዜ ፡ ከምዝወደቀ ፡ ጸላእቱ ፡ እውን ፡ ተቈጢዖም ፡ እናጸረፉን ፡ እናወቅዑን ፡ ከምዘተንሥእዎ ፡ የተሐሳስበኒ ።

ኦክርስቶስ ... ።

ጸሎት ።

ኦኢየሱስ ፡ ክልአይ ፡ ጊዜ ፡ ክም ትወድቅ ፡ ዝገበረካ ፡ ናብ ፡ ኃጢአት ፡ ምምላስይ ፡ ክምዝኾነ ፡ እፈልጥ ፡ አ ሎኹ ፡ እሞ ፡ ደጊም ፡ ዓይነተኛ ፡ ን ስሐ ፡ ክምዝገብር ፡ ምእንቲ ፡ ናይ ፡ ሕማማትካ ፡ ብዝኃት ፡ ረዲኤትካ ፡ እልምን ፡ አሎኹ ።

አቡነ ፡ ... አንዮዶታና ፡ ... አቅደ ስት ፡ እም ... ።



ሳምናይ፡ሥእሊ።

ጐይታና፡ኢየሱስ፡ክርስቶስ፡ናብ፡ዝሰቀሉሉ፡ቦታ፡ከከይዱ፡ክሉ፡ናይ፡ኢየሩሳሌም፡አንስቲ፡ብናይ፡መከራኡ፡ብዝኅት፡ፈንፈኔን፡ምስ፡በኸያሉ፡ገጹ፡ናብኡን፡መሊሱ፡ምእንቲ፡ርእስኽንን፡ምእንቲ፡ደቅኽንን፡ብኸያ፡እምበር፡

ምእንታይስ ፡ አይትብከያ ፡ ቢሉ ፡ ከምዘተኈነዛዘንን ፡ የተሐሳስበኒ ።

ኦክርስቶስ ... ።

ጸሎት ።

ንዝበኸያልካ ፡ ናይ ፡ ኢየሩሳሌም ፡ እንስቲ ፡ ክተተኈነዛዝንን ፡ ናይ ፡ መከራኻ ፡ ብርታዔ ፡ ዝረሳዕካ ፡ ኦክርስቶስ ፡ ብኃጢኣታ ፡ ንተኃዝን ፡ ነፍስይ ፡ ብምሕረትካ ፡ ከምተተኃዛዝንሰይ ፡ አብ ፡ ምሕረትካ ፡ በይኑ ፡ ተስፉ ፡ እገብር ፡ አሎኹ ፡ ምእንትዙይ ፡ እውን ፡ እንካብ ፡ ፍቃድካ ፡ ክምዘይወጽእ ፡ ግበረኒ ፡ ቢለ ፡ እልምንካ ፡ አሎኹ ።

አቡነ ፡ ... አጐይታና ፡ ... ኦቅድስት ፡ እም ... ።

ታስዓይ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ከቢድ ፡ መስቀል ፡ ተሸኪሙ ፡ ናብ ፡ ቀራንዮ ፡ ክኸይድ ፡ ከሎ ፡ ድካም ፡ እንተበዝሖ ፡ ምስ ፡ መስቀሉ ፡ ሣልሳይ ፡ ጊዜ ፡ አብ ፡ መንገዲ ፡ ከምዝወደቀ ፡ ዓቀይትውን ፡ ተቈጢዖም ፡

ምእንት ፡ ክትንሥእ ፡ ብበትረ ፡ ክም ዘፈራርሀም ፡ የተሐሳስበኒ ።

ኦክርስቶስ … ።

ጸሎት ።

ኦኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ምስ ፡ መስቀል ፡ ሣልሳይ ፡ ጊዜ ፡ ክትወድቅ ፡ ምእንቲ ፡ እተቀበልካዮ ፡ መከራ ፡ አብ ፡ ኃጢአት ፡ ተመላሊሰ ፡ ክምዘይወድቅ ፡ ግበረኒ ፡ ቢለ ፡ እልምንካ ፡ አሎኹ ።

አቡነ ፡ … አንሙይቃና ፡ … አቅድስ ፡ ትእም … ።

ዓሰራይ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ አብ ፡ ጎልጎታ ፡ ምስ ፡ በጽሔ ፡ ጊዜ ፡ ዓቀይቲ ፡ ክዳኑ ፡ ገፈፎም ፡ ድኻም ፡ እውን ፡ ክይበዝሖ ፡ መሪር ፡ ሐሞት ፡ ክምዘስተይዎ ፡ የተሐሳስበኒ ።

አክርስቶስ ... ።

ጸሎት ።

ዓቀይቲ ፡ ክዳንካ ፡ ንፈሮም ፡ መ
ሬር ፡ ሐሞት ፡ ዘስተዩኻ ፡ ኦኢየሱስ ፡
ክፉእ ፡ ልማድ ፡ እንካብ ፡ ልበይ ፡
ክም ፡ ክፉእ ፡ ክዳን ፡ አውጽኤ ፡ ክ
ም ዝሰድድ ፡ ናይ ፡ ዓለም ፡ ሐሰተኛ ፡
ተድላ ፡ ክምዘይፈቱ ፡ ግበረኒ ፡ ቢለ ፡
እልምነካ ፡ አሎኹ ።

አቡን ፡ ... አጕይታና ፡ ... አቅድ
ስት ፡ እም ... ።

መበል ፡ ዓሠርተ ፡ ሐደ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡
ክዳኑ ፡ ተገፊፉ ፡ ሐሞት ፡ እንድጎሬ ፡
ሰትዩ ፡ ክልተኡ ፡ አእጋሩን ፡ ክልተ
ኡ ፡ አእዳዉን ፡ ብዕንዕ ፡ ሸንኮር ፡ ም
ስ ፡ ዕፀ ፡ መስቀል ፡ ብዘይ ፡ ምሕረት ፡
ክምተሸንከረ ፡ ብቲ ፡ ጊዜ ፡ እቁይ ፡

ናይ ፡ መከራ ፡ ብጨይቲ ፡ እኖኡ ፡ ደው ፡ ቢላ ፡ ትርኢ ፡ ክምዝነበረት ፡ የተሐሳስበኒ ። — አክርስቶስ ... ።

ጸሎት ።

ኦጐይታና ፡ ክልቲኡ ፡ ኣእዳውካን ፡ ክልቲኡ ፡ ኣእጋርካን ፡ ብዘይ ፡ ምሕረት ፡ ብምሽንካርካ ፡ ጊዜ ፡ ምእንቲ ፡ እተቀበልካዮ ፡ መከራ ፡ ሥጋይ ፡ እንክብ ፡ ፍቃድ ፡ ሥጋ ፡ ተፈልዩ ፡ ክሳዕ ፡ ዝመውት ፡ ብእኻ ፡ ፍቃድ ፡ በይኑ ፡ ክምዝሸንከር ፡ ብንስሐ ፡ ብናትካ ፡ መስቀል ፡ እውን ፡ ክምዝስቀል ፡ ግበረኒ ።

አቡነ ፡ ... ኦጐይታና ፡ ... ለቅድስት ፡ እም ... ።

መበል ፡ ዓሠርተው ፡ ክልተ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ናብ ፡ ዕፀ ፡ መስቀል ፡ እንድጎሬ ፡ ተሸንኪሩ ፡ እቶ ፡ መስቀል ፡ ብዝተተክለሉ ፡ ጊዜ ፡ ናብ ፡ እተኣዕተ ፡ ጕድጓድ ፡ ኪወርድ ፡ ከሎ ፡ ተጋጢሙ ፡ ዝነበረ ፡ ቍስሉ ፡ ኪለው ፡ ዓጽሙ ፡ ክሳብ ፡ ዝርኢ ፡ ክምተፋላለየ ፡ ክብ፡

ዝሰቀል ፡ እውን ፡ ድኅሪ ፡ ፫ተ ፡ ሰዓት ፡ ብዓብይ ፡ መከራ ፡ ብፍቓዱ ፡ ንፍሱ ፡ ክምዝሀበ ፡ የተሐሳስበኒ ።

አክርስቶስ ... ።

ጸሎት ።

ሠለስተ ፡ ሰዓት ፡ ዘአክል ፡ ፃዕረ ፡ ሞት ፡ ተቀቢልካ ፡ ምእንታይ ፡ ዝሞትካ ፡ ኦኢየሱስ ፡ ኣብ ፡ ልዕሊ ፡ ዝኀለፈ ፡ ኃጢአት ፡ ኃጢአት ፡ ክምዘይውሰኽ ፡ ብጽቡቅ ፡ ሞት ፡ እውን ፡ ከምዝመወት ፡ ግበረኒ ፡ ሕይወት ፡ እንተወሰኽካለይ ፡ ሕይወተይ ፡ ነአኻ ፡ ምእንቲ ፡ ምግልጋል ፡ በይኑ ፡ ይኹነለይ ። — አቡነ ፡ ... አጐይቃና ፡ ... ኦቅድስተ ፡ እም ... ።

መበል ፡ ዓሠርተ ፡ ሠለስተ ፡ ሥእሊ ።

ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ድኅሪ ፡ ሞይቱ ፡ ዮሐንስ ፡ ወልደ ፡ ነጐድጓድ ፡ ዮሴፍ ፡ ዘአርማትያስ ፡ ኒቆዲሞስ ፡ ብዝበሃሉ ፡ ብኢድ ፡ ሠለስተ ፡ ጻድቃን ፡ እንክብ ፡ መስቀል ፡ ከምዝወረደ ፡ እግዝእትነ ፡ ማርያም ፡ እውን ፡ አብ ፡ ኢዳ ፡ ከምዝተቀበለቶ ፡ ቊስሉ ፡ እውን ፡ ብምርአያ ፡ እንክ

ብ ፡ ዝቀደመ ፡ ኀዘን ፡ ዳኅራይ ፡ ዝገ
ድድ ፡ ኀዘን ፡ ከምዝጸንዓ ፡ የተሐሳ
ስበኒ ። አክርስቶስ ... ።

ጸሎት ።

ብብዙኅ ፡ ዝኀዘንኪ ፡ ኣማርያም ፡
እኖ ፡ ኢየሱስ ፡ ናቱ ፡ ኣስከሬን ፡ እን
ክትቅበሊ ፡ ቍስሉ ፡ ምስረኤኺ ፡ ጊ
ዜ ፡ ከምዝቄርጽ ፡ ሰይፈ ፡ ኮይኑ ፡ ኣ
ብ ፡ ልብኺ ፡ ምእንቲ ፡ ዝኣቶ ፡ ኀዘ
ን ፡ ከምዙይ ፡ ዝበለ ፡ መከራ ፡ ንልበ
ይ ፡ ምስዘርኢ ፡ ኃጢኣተይ ፡ ፍቅሪ ፡
ከምዘይገብር ፡ ደጊምውን ፡ ንክርስቲ
ያን ፡ ከምዝግባእ ፡ ሥርዓት ፡ ጸኒዔ ፡
ክሳዕ ፡ ዝመውት ፡ ከምዝነብር ፡ እን
ኩብ ፡ ፍጹም ፡ በዓል ፡ መከራ ፡ ወድ
ኺ ፡ ኣማልድለይ ፡ ቢለ ፡ እልምነኪ ፡
ኣሎኹ ። — ኣቡነ ፡ ... ኣጕይታና ፡ ...
ኣቅድስት ፡ እም ... ።

መበል ፡ ዓሥርተ ፡ አርባዕተ ፡ ሥእሊ ፡፡

እግዝእትነ ፡ ማርያም ፡ ደሙ ፡ ቢ
ላ ፡ እንከላ ፡ ጕይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክ
ርስቶስ ፡ ብኢድ ፡ ሠለስተ ፡ ጻድቃን ፡
ከምተቀብረ ፡ የተሐሳስብኒ ፡፡

አክርስቶስ .. ፡፡

ጸሎት ።

ኦኢየሱስ ፡ ንጉሠ ፡ ምስ ፡ ምፍታው ፡ ሕይወት ፡ እንተወሰኽክለይ ፡ እንካብ ፡ ዓለም ፡ እንካብ ፡ ሥጋ ፡ እንካብ ፡ ሰይጣን ፡ ምእንቲ ፡ ክፍለ ፡ ከምዝሞተ ፡ ከምዝተቀብረ ፡ ሰብ ፡ ክይን ፡ አብዙ ፡ ዓለምዙይ ፡ ክነብር ፡ እፈቱ ፡ እሞ ፡ ደጊም ፡ ብትውስኸለይ ፡ ዘመን ፡ ኪለው ፡ ንስኻ ፡ እትፈትዎ ፡ ሥራሕ ፡ አሥርሐኒ ፡ ድሕሪ ፡ ሞይተውን ፡ ንዓኻ ፡ ብዘሬኤንቀ ፡ ሞትከን ፡ ሕማማትክን ፡ ትሩፋትክን ፡ እተረኽበ ፡ ክብረ ፡ አብ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ ከምዝቅበል ፡ ግበረኒ ፡ ቢለ ፡ እልምንካ ፡ አሎኹ ። … አቡን ፡ … አንሆይታና ፡ … አቅድስት ፡ እም … ።

ጸሎት ።

ዋሕድ ፡ ብዝበሀል ፡ ብናይ ፡ ወድኻ ፡ ደም ፡ ሕይወት ፡ ነፍሲ ፡ ንዝሀበና ፡ መስቀል ፡ ዝቀበልካ ፡ አምላኽ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ መስቀል ፡ ክብሪ ፡ ንዝፈቱ ፡ ሰብ ፡ ኪሰው ፡ ብልማኖ ፡ ወድኻ ፡ ሐሉ ።

አቡን ... ።

ናይ ፡ ጳውሎስ ፡ ቃል ።

ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ርእሱ ፡ ትሕት ፡ አበለ ፡ ንሞትውን ፡ ክሳዕ ፡ ዝበጽሕ ፡ ከም ፡ ጊላዋ ፡ እተአዘዘ ፡ ክነ ፡ ሞቱውን ፡ አብ ፡ መስቀል ፡ ዝኾነ ፡

እዩ ፡ ምእንትዘርዩ ፡ እውን ፡ እግዚአ ብሔር ፡ ብዙኅ ፡ አኽበሮ ፡ እንካብ ፡ ኪሎው ፡ ዚዐቢ ፡ ስም ፡ ሀበ ፡፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ አብ ፡ ትሕት ፡ ምድሪ ፡ እውን ፡ ዘሎ ፡ ብርኪ ፡ ኪሎ ው ፡ ንኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ስም ፡ ክምዝሰግድ ፡ ልሳንውን ፡ ክምዝእ መን ፡፡

ጸሎት ፡፡

ዓለም ፡ ምእንት ፡ ምድኃን ፡ ልደ ት ፡ ግዝረት ፡ ብቃል ፡ አይሁድ ፡ ጸ ርፊ ፡ ብኸዳዒ ፡ ይሁዳ ፡ ብምስዓም ፡ ምኅላፍ ፡ ብሞቁሕ ፡ ማእሰርቲ ፡ ክም ፡ ንጹሕ ፡ በጊዕ ፡ ናብ ፡ ምሥዋዕ ፡ ም ኅላፍ ፡ አብ ፡ ቅድሚ ፡ ጲላጦስን ፡ ሄ

ሮድስን ፡ ብዘይ፡ግበእ ፡ ደው ፡ ምባል ፡ ብሐሰውቲ ፡ ምስክራት ፡ ክሲ ፡ መግረፍቲ ፡ ጽፍዓት ፡ ምጭናቅ ፡ ምራቅ ፡ ምቅባል ፡ ብእሾኽ ፡ መውጋእቲ ፡ ብበትሪ ፡ መውቃዕቲ ፡ ገጽ ፡ ምጕልባብ ፡ ክዳን ፡ ምግፋፍ ፡ ኣብ ፡ መስቀል ፡ ተሸንኪሩ ፡ ኣብ ፡ መስቀል ፡ ደው ፡ ምባል ፡ ከም ፡ ሰራቂ ፡ ምስ ፡ ሰረቅቲ ፡ ስቅለት ፡ መሊጽ ፡ ሐሞት ፡ ምስታይ ፡ ብኵናት ፡ መውጋእቲ ፡ ምቍሳል ፡ ብእኻ ፡ እተፈቶ ፡ ኣእምላኽይ ፡ ምእንት ፡ እዘም ፡ ብዙኅ ፡ እተቀደሱ ፡ ሕማማትክን ፡ ብዙኅ ፡ ቅዱስ ፡ መስቀልክን ፡ ሞትክን ፡ እንካብ ፡ ገሃነመ ፡ እሳት ፡ ሠውረኒ ። ምስኻ ፡ እውን ፡ እተሰቅለ ፡ ፈያታዊ ፡ ዘየማን ፡

አብዘንበርክሉ ፡ ሥፍራ ፡ አንብረኒ ።
ምስ ፡ አብን ፡ ምስ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱ
ስን ፡ ሕይወት ፡ ዘሎኸ ፡ እትነግሥ ፡
ክሳዕ ፡ ዘለዓለም ። አሜን ።

መቍጸርያ ።

(ብዙኅ ፡ ሥሬት ፡ አለዎ ።)

ናይ ፡ ሰኑይን ፡ ናይ ፡ ኃሙስን ፡ ምሥጢራት ።

ቍጽሪ ፡ ጸሎት ፡ ብሰኑይ ፡ ብኃሙስ ፡ ዝሕሰብ ፡ ፭ቱ ፡ ናይ ፡ ደስታ ፡ ምሥጢር ፡ እዩ ። መዝመርያ ፡ ናይ ፡ ደስታ ፡ ምሥጢር ፡ ፩አቡነ ፡ ዘበሰማያት ፡ ፲ሰላመ ፡ ገብርኤል ፡ ክሳብ ፡ ዝበጽሕ ፡ ቅዱስ ፡ ገብርኤል ፡ ንቅድስት ፡ ድንግል ፡ ማርያም ፡ ብመንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ወልደ ፡ እግዚአብሔር ፡ ክትፀንሲ ፡ ኢኺ ፡ ክትወልዲ ፡ ኢኺ ፡ ስሙውን ፡ ኢየሱስ ፡ ክትብልዮ ፡

ኢ.ኺ ፡ ቢሉ ፡ ከምዝነገራ ፡ ንሳውን ፡ ከምዝበልከኒ ፡ ይኹንለይ ፡ ምስ ፡ በለቶ ፡ ጊዜ ፡ ወልደ ፡ እግዚ.አብሔር ፡ ከምዝፀነሰት ፡ ምሕሳብ ፡ እዩ ።

ካልአይ ፡ ናይ ፡ ደስታ ፡ ምሥጢር ፡ ድንግል ፡ ማርያም ፡ ቅድስት ፡ ኤልሳቤጥ ፡ ከምዝፀነሰት ፡ ምስ ፡ ሰምዔት ፡ ጊዜ ፡ ምፅናሣ ፡ ከትጥይቕ ፡ ናብአ ፡ ከምዝኸደት ፡ ምስአ ፡ እውን ፡ ፫ተ ፡ ወርኂ ፡ ከምዝተቀመጠት ፡ ምሕሳብ ፡ እዩ ።

ሣልሳይ ፡ ናይ ፡ ደስታ ፡ ምሥጢር ፡ ድንግል ፡ ማርያም ፡ መድኃኒና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ እትወልደሉ ፡ መዓልቲ ፡ ምስ ፡ በጽሐ ፡ ጊዜ ፡ አብ ፡

ቤተ ፡ ልሔም ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ክል ተ ፡ እንስሳ ፡ ብፈረቃ ፡ ለይቲ ፡ መድ ኃኒና ፡ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶ ስ ፡ ከምዝወለደት ፡ ምሕሳብ ፡ እዩ ።

ራብዓይ ፡ ናይ ፡ ደስታ ፡ ምሥጢ ር ፡ ድንግል ፡ ማርያም ፡ መድኃኒና ፡ ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ምስ ፡ ወለደቶ ፡ ብርብዓ ፡ መዓልቲ ፡ ናብ ፡ ቤተ ፡ መቅደስ ፡ ከምዘእተወቶ ፡ ቅዱ ስ ፡ ስምዖን ፡ እውን ፡ ብዐቢይ ፡ ታ ሕጓስ ፡ ኣእዳዉ ፡ ዘርጊሑ ፡ ከምተ ቀበሎ ፡ ምሕሳብ ፡ እዩ ።

ኃምሳይ ፡ ናይ ፡ ደስታ ፡ ምሥጢ ር ፡ ፈጻሚ ፡ ፈቃድ ፡ ጐይታና ፡ ኢ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ናይ ፡ አቦኡ ፡ ፍ

ቃይ ፡ ክፍጽም ፡ ካብ ፡ ዝውለድ ፡ ብ፲፪ተ ፡ ዓመት ፡ ካብ ፡ እኖኡ ፡ ተ ሠዊሩ ፡ አብ ፡ ቤተ ፡ መቅደስ ፡ ክም ተረፈ ፡ እኖኡውን ፡ ምስ ፡ ሰአነቶ ፡ ጊዜ ፡ ካብ ፡ መገዲ ፡ ናዝሬት ፡ ተመ ሊሳ ፡ አብ ፡ ቤት ፡ መቅደስ ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ሊቃውንቲ ፡ ከሎ ፡ ደልያ ፡ ክሳብ ፡ እትረክቦ ፡ ፫ተ ፡ መዓልቲ ፡ ጨኒቅዋ ፡ ከምዝነበረት ፡ ምስ ፡ ረኸ በቶውን ፡ ደስ ፡ ከምዝበላ ፡ ምሕሳ ብ ፡ እዩ ።

ናይ ፡ ሠሉስን ፡
ናይ ፡ ዓርብን ፡ ምሥጢራት ።

ናይ ፡ ቍጽራ ፡ ጸሎት ፡ ብሠሉስን ፡ ብዓርብን ፡ ዝሕሰብ ፡ ፳ተ ፡ ናይ ፡ ሕማም ፡ ምሥጢር ፡ ፩ያ ፡ ናይ ፡ ሕማም ፡ ምሥጢር ፡ ፩ ፡ አቡነ ፡ ዘበሰማያት ፡ ፲ተ ፡ ሰላመ ፡ ገብርኤል ፡ ክሳብ ፡ ዝበጽሕ ።

ናይ ፡ ኪለው ፡ ሰብ ፡ ጸሎት ፡ ምስአቦኡ ፡ ዝቅበል ፡ ጐይታና ፡ ኢየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ኣብ ፡ ጌቴሴማኒ ፡ ምእንታና ፡ ደም ፡ ክሳብ ፡ ዝርሀጽ ፡ ብጸሎት ፡ ከምዝደኸመ ፡ ምሕሳብ ፡ እዩ ■

